# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.272 | ረቡዕ 15 ሓምለ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3

ፍሽለት ትረኻ “ስልታዊ ውዲት”፥ ሓቅታት ልኡላውነት ኤርትራ





ገጽ 4

ተራ ምርምርን መጽናዕትን ኣብ ማሕበራዊ ለውጢ





ገጽ 5

“ሳዋ ሰፈር ኤርትራውያን ወለዶታት”. . .





ገጽ 9

ነቐፌታ ሕላገት ዓወት





ገጽ 11

ፓጋቻ ዕዉት ዓሰራይ መድረኽ ዙር ፈረንሳ ኮይኑ




## ምም/ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ገስጋስ ትግባረ መደባት ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ገምጊሙ




ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ገስጋስ ትግባረ ናይቲ ብምውህሃድ መሓውራት ምምሕዳር፡ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ክዕመም ዝተወጠነ መደባት ብምግምጋም፡ ተራፊ ዘሎ ኣብ'ቲ ዝተወጠነሉ ግዜ ንኽትግበር ኣብ ዝሕግዝ ሃዋህው ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ብ13 ሓምለ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ሓለፍቲ ክፍልታትን ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻባት፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ነቕሊ፡ ምውዳድ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ፡ ምቕላል ሽግር ዝስተ ማይ፡ ምእካብ ግብሪ ሕርሻዊ ቅድመ ምድላዋትን ካልእ ምምሕዳራዊ ንጥፈታትን ኣብ መብዛሕትአን ንኡሳን ዞባታት ብልዑል ተሳትፎ ህዝብን ሰራዊትን ከምእተተግበረ በሪሁ።

ንሳቶም ኣሰዒቦም፡ ምንቅልቃል ትሕዝቶ ምንጨታት ማይ ዒድታትን ከተማታትን ዋሕዲ ኽቕሊ ዝምደባ ትራክተራትን ሽግር መጉዓዝያን ካብ'ቶም ኣብ ቀጻሊ ልዑል ኣተኩሮ ክወሃቦም ዝግበኦም ብድሆታት ምዃኖም ሓቢሮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ ብመሰረት'ቲ ዝቐረበ ጸብጻባት፡ ትግባረ ምምሕዳራውን ልምዓታውን መደባት ቀዳማይ መንፈቕ ጸቢቕ ምንባሩ እንተኾነ ግን ዘዚ ስለዘይተኸ ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት ቀዳምነታቶም ሰሪዖምን ኣብ ከበቦኦም ዝዘሎ ጸጋታት ብዝግባእ ተጠቒሞምን ጸቒጦም ክዮዱ ኣተሓሳሰበ።

ኣምባሳደር ማሕሙድ ኣሰዒቡ፡ ሎሚ ዓመት ክራማት ክሕረስ ተወጢኑ ዘሎ ሰፍሓት ብምልኣት ምትግባር፡ ምግራብን ምግታእ ብርሰት ኣግራብን፡ ምቕላል ሽግር ዝስተ ማይ ገጠራት፡ ምእካብ ግብሪ መንግስቲ፡ ምጽፋፍ ማሰርሕ ነብርትን፡ ምውዳድ ትካላት ቅድመ-ትምህርትን ምክልኻል ሕማም ዓሶ፡ ካብ'ቶም ኣብ ዝቕጽል መንፈቕ ቀዳምነት ዝወሃቦም መደባት ምዃኖም ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ብኣላይነት ምምሕዳራት ዝትግበር፡ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ እወታዊ ለውጢ ዘምጽእ መደባት ተወጢኑ፡ ዕቱብ ክትትልን ገምጋምን እናተገብረሉ ይሰላሰል ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኺ-ኺ ምምሕዳራውን ልምዓታውን መደባት፡ ሃገራዊ ንቕሓትን ውዳበን ዘርኽብ ንጥፈታት ብዝሓየለ ክስራሓሉ ኣዘኻኺሩ።

## ሚ/ሪ ሕርሻ፡ ሃገራዊ ፖሊሲ ቍጽጽር መግቢ ንምምዕባል ዓውደ-ዘተ ኣካዪዱ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምስ ዓለማዊ ውድብ መግብን ሕርሻን ብምውህሃድ፡ ሃገራዊ ፖሊሲ ቍጽጽር መግቢ ንምምዕባል ዝዓለመ ዓውደዘተ፡ ብ10 ሓምለ ኣብ ኣስመራ ኣቃሊዑ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስየኖ ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ እቲ ዓውደዘተ - መቐጸልታን እምኳርናዕን ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ክካየድ ዝጸንሐ ንኩሉም ጉዳይ ድሕነትን ቍጽጽር መግብን ዝምልከቶም ኣካላት ኣወሃሂዱ፡ ሃገራዊ ፖሊሲ ቍጽጽር መግቢ ንምንዳፍ ዓሊሙ ከምእተወደበ ሓቢሩ።

እዚ ምስ ዓለማዊ ውድብ መግብን ሕርሻን ከምኡ'ውን ምስ ኣህጉራውያንን ሃገራውያንን ኣማኸርቲ ተወሃሂድካ ዝንደፍ ዘሎ ፖሊሲ፡ ናብ ሃገራዊ ሕጊ መግቢ ዝመርሕ ምዃኑ፡ ኣቶ ተኽለኣብ ወሲኹ ገሊጹ።






ወከል ዓለማዊ ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስ ኣሪኤላ ግለኒ ብወገና፡ መንግስቲ ኤርትራ - ውሕስነቱን መኣዝኡን ዝሓለወ ስርዓት መግቢ ንምውዳድ ንዘሎዎ ጻዕርን ተወፋይነትን ድሕሪ ምምጓስ፡ እቲ ዝንደፍ ዘሎ ፖሊሲ፡ ክገጽ ቴክኒካዊ ኣጉዳስኡ፡ ንህዝቢ ውሑስ መግቢ ንምቕራብ ዝዓለመ ስለዝኾነ፡ ኣብ ብምሉኡ ሰንሰለት መግቢ ንዝርከቡ ኣካላት ዘገድስ ምዃኑ ኣረዲኣ።

ማሰርሕ ምንዳፍ ንዝሓለፈ ስትራተጅያዊ ኣገባብት ድሕሪ ምዝርዛር፡ ኣብ መፈጸምታኡ ክሳብ ዝበጽሕ፡ ደገፍ ዓለማዊ ውድብ መግብን ሕርሻ ከምዘይፍለዮ ኣረጋጊጻ።

ኣብ'ቲ ዓውደዘተ፡ ኝሕሉው ኩነታት ስርዓት ቍጽጽር መግቢ ኣብ ኤርትራ፣ ኩነታዊ ትንታነ ሕጊ መግብን ስርዓት ቍጽጽር መግብን፣ ከምኡ'ውን ዓለምለኻዊ ተመኩሮታት ፖሊሲታት ቍጽጽር መግቢ ብሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ክኢላታትን ኣማኸርትን ቀሪቡ።

ዜና

# ሓጋዝ - ተራ ደቂኣንስትዮ ንምሕያል ዝዓለመ ስልጠና ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ተራ ደቂኣንስትዮ ኣብ ልምዓት ንምሕያል ዝዓለመ ስልጠና፡ ካብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝተዋጽኣ ወከልቲ ደቂኣንስትዮ ተኻዪዱ።

እቲ ብጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ዝተወደበ ስልጠና፡ ብቐንዱ ኣብ ምኹስኳስን ምዕቃብን ሃገራዊ ክብርታትን ምውሓስ ጥዕናን ዝተኩረ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊት ማሕበራ-ቁጠባዊ ኣገልግሎት ወ/ሮ ትርሓስ ንርኣዮን ሓላፊት ፖለቲካውን ውድባውን ጉዳያት ወ/ሮ ፋይዞት ኣዳላን ኣብ ዝሃብኦ መግለጺ፡ እቲ ስልጠና - ተራ ደቂኣንስትዮ ኣብ መኸተን ልምዓትን ንምዕዛዝ፣ ጥዕናዊ ንቕሓተን ንምብራኽ፣ ከምኡ'ውን ቀላሲ ተርእን ኣብ ቦታ ስራሕ ንምርግጋጽ ከምዝሓኸኑ ኣረዲኦን።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ነርስ



ጉብረመስቀል ጉብረሂወት ብወገኑ፡ ኣብ ሳዕቤናት ክሽቦ ጓልኣንስተይትን መርዓ ትሕቲ ዕድመን፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ማሕበራዊ ጸቕጥን፣ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን ዝግበር ጥዕናዊ ክንክንን ኣገዳስነቱን ዝምልከት መብርሂ ሂቡ።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ኣምና ሓሰን ድማ፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ፡ ጥዕናን ማሕበራዊ ህይወትን



ኣብርክቶአን ከዕዝዛ፣ ከምኡ'ውን ኣብቶት ኩይነን ክመርሓን ክጸልዋን ምእንቲ፡ ውዳበታተን ክሐይላ ተላቢያ።

ጓልኣንስተይቲ ምንቃሕ ሕብረተሰብ ምንቃሕ ምኳኑ ዝሓበረ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ እድሪስ መሓመድ-ሓምድ፡ ሰልጠንቲ ብዝቐሰምኦ ፍልጠት ንፍሰን ብምምዕባል ከባብአን ክለውጣ ትጽቢት ከምዘሎ ገሊጹ።

# ከረን - 148 መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያ ሰልጢኖም

ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ መሰልጠኒ ማእከል ሻሎት ክሰልጥኖም ዝጸንሐ 76 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 148 መንእሰያት፡ ብ10 ሓምለ ኣመረቐ።

እቲ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝተዋህበ ሞያዊ ስልጠና፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ኣርትዖት ማለት ኤዲቲን፡ ምትካል ናውቲ ጸሓያዊ ጸዓት፡ ምዝርጋሕ መስመራት ኤለክትሪሲቲ፡ ኤለክትሮኒክስ፡ ግራፊክስ፡ ከምኡ'ውን ደረቕን ተንቀሳቓስን ካሜራ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣካያዲት ስራሕ መሰልጠኒ ማእከል ሻሎት መንእሰይ ሰናይት ጉብረሂወት ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ሃማመተኤ ዓቕሚታት መንእሰያት ብምምዕባል ኣፍራይነቶም ንምዕባይ ዘካይዶ ንጥፈታት ምኳኑ ብምሕባር፡



ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ መባእታዊ ስልጠና ብስራሕ ከማዕብልዎን ህይወቶም ከመሓይሹን ተላብያ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ ብግደኡ፡ መንእሰያት ጉጉ-ጉጉ ኣካዳሚያዊ



ትምህርቶም ሞያ ክዕጥቁ ንዘለዎ ረብሓታት ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ከምዝድፋኣሉ ገሊጹ።

ኣብ ትሕቲ ሃማመተኤ ዝጥፍ መሰልጠኒ ማእከል ሻሎት፡ ብ13 ዓውድታት ዘሰልጥን ኩይኑ፡ ዘመናዊ መሳርሒታት ዝዓጠቐ ሞያዊ ማእከል'ዩ።

# ሃ/ ኮ/ ሰ/ ኤ፡ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ወዲቡ

ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ምስ ትካል ስልጠናን ትምህርትን ኣገልግሎት ሞያዊ ምኽርን ምርምርን ብምትሕብባር፡ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ወዲቡ።

ኣብ'ዚ ካብ 9 ክሳብ 11 ሓምለ ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ ስልጠና፡ ኣባላት ፈጻሚት ኣካል ሃኮሰኤ፡ ሓለፍቲ ፈደረሽናት ሰራሕተኛታት፡ ሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ሃኮሰኤ ኣብ ዞባታትን ካልኦት ኣካላት ሃኮሰኤን ተሳቲፎም።

እቲ ስልጠና፡ ሃኮሰኤ ምስ ሰራሕተኛታት ብዝዛመድ ንዝወድቦ ስልጠናታት ዝሕግዝ - መጽናዕቲ ቅድመ-ስልጠና፣ ምልላይ ሰልጠንቲ፣ ምድላው መወከሲ ስልጠና፣ ሜላ ኣቀራርባ ስልጠናን ምፍጣር ባይታ መልሰ-ዕንጋለ ኣብ መንጎ ኣሰልጣኒትን ሰልጣኒትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ ሃኮሰኤ ሓላፊ ክፍሊ ስልጠና፡ ትምህርትን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ኣቶ ሙሉጌታ ፍስሓጽዮን ኣብ ዝሃቦ መዘዞሚ ቃል፡ እቲ ስልጠና - ቅድሚ ሕጂ ንዝተዋህበ ስልጠናታት ዝድርዕ ምኳኑ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብግብራዊ ስራሕ ከዕምቕዎ ተላብዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሃኮሰኤ ኣብ ምሕያል ንጥፈታት ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ኮንፈደረሽን ዝተኩረ ዘተ ኣካዪዱ።

ሓላፊ ህዝባዊ ርክባት ሃኮሰኤ ኣቶ ግርማይ ኣብርሃም ንክልሰ-ሓሳባውን ኣድማሳውን ዕማማት ህዝባዊ ርክባት ብመንጽር መረዳእታ ሃኮሰኤ ወረቐት ከቕርብ ከሎ፡ ህዝባዊ ርክባት ሃኮሰኤ ካብ 2017 ንዝዓመሞ ንጥፈታት፣ ዘጓነፎ ብድሆታትን ንምፍትሑ ዝተወሰደ ስጉምታትን ብዝርዝር ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ ንጥፈታት ህዝባዊ ርክባት ንምሁብታም ዝሕግዝ ሓሳባት ኣካፊሎም።

ኣብ መወዳእታ፡ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃኮሰኤ ኣቶ ክብርኣብ ኪዳን፡ ዕማማት ሃኮሰኤ ንምጉላሕን ንምድንፋዕን፡ ክፍልታት፡ ፈደረሽናት ሰራሕተኛታትን ኣብያተ-ጽሕፈት ዞባታትን ምስ ህዝባዊ ርክባት ተወሃሂደን ክሰርሓ ተላብዩ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ዛዕባ ሎሚ

## ፍሽለት ትረኻ 'ስልታዊ ውዲት'፡ ሓቅታት ልኡላውነት ኤርትራ

ሳሙኤል ገብረብርሃን

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝረአ ዘሎ ፖለቲካዊ ምስሕሓባትን ስልታዊ ምቅይያራትን ንታሪኽን ሕግን መርሒ. ፕሮፖጋንዳ ናይ ምግባር ሓደገኛ ዝንባለ የርኢ ኣሎ። ካብቶም ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን ብወገን ሰልፊ ብልጽግናን ወከልቱን ብስፈሑ ክዝርግሑ ዝጸንሑ ግጉያት ትረኻታት እቲ ዝዓበዩ፡ "ኤርትራ ንኢትዮጵያ ንምድኻምን ንምዕናውን ብውዲታውያን ሓይልታት ዝተፈጥረት ሃገር እያ" ዝብል ስሉሳዊ ፈጠራ እዩ።

እዚ ብመራሕቲ ብልጽግና ዝዝርጋሕ ዘሎ ሕሱር ግን ከኣ ሓደገኛን መናቕሕን ትረኻ፡ ንታሪኻዊን ሕጋውን መንነት ኤርትራን ህዝባን ዝኽሕድ ነውራም ፕሮፖጋንዳ እዩ። እዚ ዓይነት ናይ ታሪኽ ጥምዛዘን ፕሮፖጋንዳዊ ቅጥፈትን፡ ኑቲ ኣብዚ ዞባ ዘሎ ሓቀኛ ታሪኻዊ ምዕባለታትን መሰረታዊ ሓቅታትን ዝኽሕድ ብምዃኑ፡ ብስዉራትን ብቖዖት ሕጋውያን ጭብጥታትን ክምርመር ከሎ ፈጺሙ ፍሹል ምዃኑ ይረጋገጽ። ታሪኽን ሕግን ከም ዝምስክርዎ፡ ህልውና ኤርትራ ብስምምዕ ወይ ብደገፍ ሓይልታት ዘይተኣታተወ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ጃንሆይ ፖለቲካዊ ረብሓታት ዓበይቲ ሃገራት ዝተሓረሞ መሰል ናጽነት ንምምላስ ብዝተኻየዶ መሪር ቃልሲ ዝተረጋገጸ ታሪኻዊ ሓቂ እዩ።

እዚ "ውዲት" ዝብል ድኹም ትረኻ፡ ብቐንዱ ከም "ናይ ፖለቲካዊ ቅልውላው መተንፈሲ" (smokescreen) ኮይኑ ከገልግል ዝተማህዘ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸወታ እዩ። መራሕቲ ብልጽግና፡ ኑቲ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ዘሎ ዓሌታዊ ወጥረት፡ ቁጠባዊ ወድቀትን ሰኣኑ ምርግጋእን ንምሽፋን፡ ወትሩ ደጋዊ ምኽንያት ክናድዩ ይረኣዩ። ንኤርትራ ከም ናይ ውዲት ፍርያት ገይርካ ምቕራብ፡ ኑቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ህዝብታት ዘሎ ናይ ነዊሕ ዓመታት ሰላማዊ ዝምድናታት ንምብኻል ዝዓለመ እኳ እንተኾነ፡ ታሪኻውያን ሰነዳት ግን ፍጹም ተጻራሪ ሓቂ እዮም ዘርእዩ። እዚ ዓይነት ናይ ታሪኽ ጥምዛዝ ንድሕሪት ናይ ምምላስ ሃቀነ፡ ንኹናት መመኻዪ ንምንዳይ ዝተኣልመ ነውራምን ሕሱርን ውዲት ጥራይ እዩ። እዚ ኣብ ዓለም እቲ ዝሓሰረ ፕሮፖጋንዳ ተባሂሉ ክጽዋዕ ዝኾኣለ ትረኻ፡ ኑቲ ብዩምን ረዚን ሚልዮናት ዝተሃገጸ ሃገራዊ መንነት ብምኽሓድ፡ ፖለቲካዊ መኽሰብ ንምእካብ ዝግበር ዘይሓላፍነታዊ ዕንደራ እዩ።

ኑቲ ሓቂ ካብ መጀመርታኡ ንምርዳእ፡ ናብቲ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝነበረ መድረኽ ምምላስ የድሊ። ኤርትራ ኣብ 1941 ካብ መግዛእቲ ጣልያን ምስ ወጸት፡ ብመሰረት ሕጋዊ ስርዓት ዓለምን ውሳኔ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን መሰል ናጽነታ ኣብ ክንዲ ዝኽበረላ፡ ብሰንኪ ጃንሆይ ፖለቲካዊ ረብሓታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን መሻርኽታን ግን ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከም እትቑረን ተገይሩ። ኣብቲ እዋን እቲ፡ ኣመሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ስትራተጂያዊ ረብሓታታ ንምሕላው ክትብል፡ ንኤርትራ ንሃጼ ሃይለስላሴ ክትህባ ወሲና። እዚ ህያብዚ፡ ንኢትዮጵያ ንምድኻም ተባሂሉ ኣይነበረን። ንኤርትራ ሂብካ ሓያል ከምእትኾውን ብምግባር፡ ኣብዚ ዞባ ተኸላኸሊት ረብሓ ዓበይቲ ሓይልታት ክትከውን ተባሂሉ ዝተወሰደ ዘይፍትሓዊ ውሳነ እዩ ነይሩ። እዚ ፍጻመ እዚ፡ ታሪኽ ዓይኑ ከይተሓሰወ ዝመዝገቦ ቀዳማይ ዓቢ ክድዓት እዩ።



ውሳነ ፌደረሽንን ጎበጣ ኤርትራን ንኢትዮጵያ ንምሕያል እምበር ንምድኻማ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣይነበረን

ኣብቲ እዋን እቲ፡ እቲ ናይ ኣርባዕተ ሓያላን ሃገራት (Four Power Commission) መርማሪ ጉጅለ ናብ ኤርትራ መጺኡ ህዝባዊ ድሌት ክመዝን ከሎ፡ መብዛሕትኡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ከም ዝደሊ ብንጹር ኣረጋጊኡ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝምራሕ ዝነበረ ሓይሊ፡ ንረብሓታት ህዝቢ ኤርትራ ዕሸሽ ብምባል፡ ብመሰረት ውሳነ 390 A(V) ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቁረን ኣገደዱ። እዚ ሓቂ እዚ፡ "ኤርትራ ብውዲት ሓይልታት ንኢትዮጵያ ንምድኻም ዝተፈጥረት እያ" ዝብል ክሲ ፍጹም ግጉይን ብታሪኽ ዘይድገፍን ምዃኑ የጽንዕ። ዝ. ታሪኻዊ ሓቂ እዚ ብምኽሓድ፡ ኤርትራ ከም ፕሮጀክት ናይ ወጻኢ ሓይልታት ገይርካ ምቕራብ፡ ኑቲ ዝተፈጸመ ታሪኻዊ በደል ናይ ምጥምዛዝ ነውራም ፈተነ እዩ።

ኣብ ሕዳር 1962፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኑቲ ምስ ኤርትራ ዝነበሮ ፌደራላዊ ውዕል ብሓይሊ ብምፍራስ ንኤርትራ ክጎብጣ ከሎ፡ እቲ ፍትሓ ክከላኸል ዝነበሮ ዓለምለኻዊ ማሕበረሰብ ስቕታ እዩ መሪጹ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይኹን እቶም ናይቲ ውዕል ዓቀብቲ ዝነበሩ ዓበይቲ ሓይልታት፡ ኑቲ ናይ ምግባት ተግባር ክቃወምዎ ኣይተሰምዑን። እዚ ስቕታ'ዚ ዘረጋግጾ ሓቂ እንተሃልዩ፡ ህልውናን ልኡላውነትን ኤርትራ ብሓይልታት ዓለም ዝተደገፈ ዘይኮነስ፡ ብኣንጻሩ ብሰንኪ ሸለልትነትን ፖለቲካዊ ረብሓታትን ዓለምለኻዊ ማሕበረሰብ ዝተጠልመ ጉዳይ ምዃኑ እዩ። ዓይኒ ዓለም እናረኣየ፡ ሕጋዊ ውዕል ክፈርስ ከሎ ዓለም ስቕ ምባሉ ኑቲ "ዓለም ብዓለማ ፍትሓ ዘይኮነስ ረብሓ ጥራይ እያ እትደሊ" ዝብል እምነት ዘደልድል እዩ።

ንጉሳዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ኑቲ ናይ ኤርትራ ፓርላማ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ከቢቡ፡ ጥንዱራ ኤርትራ ንምውራድን ፌደረሽን ንምፍራስን ዘሕለፎ ውሳኔ ብደረጃ ዓለም ዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ኣይገጠሞን። እዚ ድማ፡ ዓለምለኻዊ ሓይልታት ንልኡላውነትን መሰልን ህዝቢ ኤርትራ ብምሕላው ንረብሓታቶም ቀዳምነት ከም ዝሃቡ ዘርኢ ታሪኻዊ ጭብጢ እዩ። እዚ ፍጻመ እዚ፡ ኑቲ "ኤርትራ ብውዲት ሓይልታት ዝተፈጥረት እያ" ዝብል ሕሱር ክሲ፡ ብሕጋዊ መገዲ ምሉእ ብምሉእ ፍሹል ይገብሮ። እዚ ዓይነት ሕሱር ፕሮፖጋንዳ'ዚ፡ ኑቲ ብሕጋውያን ሰነዳት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተመዝገበ ታሪኽ ንምድምሳስ ዝግበር ፍሹል ስልቲ እዩ።

እዚ ዘፍትሓዊ ምግባት እዚ ድማ እዩ ንህዝቢ ኤርትራ ናብቲ ዝመረረን ዝወሐን ናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ክኣቱ ዘገደዶ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ 1961 ክሳብ 1991 ዘካየዶ መሪር ቃልሲ፡ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝረኸቦ ወተሃደራዊ ይኹን ቁጠባዊ ደገፍ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ፡ እቲ ንኤርትራ ዝወረረ ስርዓት ኢትዮጵያ (መጀመርታ ሃጼያዊ ስርዓት ድሕሪኡ ድማ ወተሃደራዊ ደርግ)፡ ካብ ዓበይቲ ሓይልታት ዓለም ዝተፈላለየ ደገፍ ይረክብ ነይሩ። ሃጼያዊ ስርዓት ካብ ኣመሪካን ሃገራት ኤውሮጳን፡ ስርዓት ደርግ ድማ ካብ ሕብረት ሶቭየት፡ ኩባን ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳን ብልዮናት ዶላር ዝግመት ዘበናዊ ኣጽዋርን ወተሃደራዊ ስልጠናን ይረክብ ነይሩ። እዚ ድማ፡ ኤርትራ ኣንጻር ሓደ ሓያል ጸላኢ ጥራይ ዘይኮነስ ኣንጻር እቶም ንኡ ዝድግፉ ዝነበሩ ዓለምለኻውያን ዓበይቲ ሓይልታት እውን ገጢማ ከም ዝተዓወተት ዘረድእ እዩ።

እቲ "ርእሰ ምርኮሳ" (Self-reliance) ዝብል ኣብ ውሽጢ ሰውራ ኤርትራ ዝማዕበለ ስነ-ሓሳብ፡ ካብዚ ተመክሮ እዚ ብምብጋስ እዩ። ኤርትራውያን ካብ ወጻኢ ሃገር ዝኾነ ዓይነት ደገፍ ከምዘይረኽቡ ምስ ተረድኡ፡ ብጸዓቶም፡ ዓቕሞም፡ ብናይ ውሽጢ ጸጋታቶምን ተወፋይነቶምን ተኣማሚኖም ኢና ናጽነቶም ኣረጋጊጾም። እዚ ድማ 'ኤርትራ ብውዲት ዓለምለኻዊ ሓይልታት ዝተፈጥረት ሃገር እያ' ንዝብል ናይ ሓሶት ትረኻ መልሱ ዘፍርሶ፡ ህልውና ኤርትራ ፍረ ናይቲ ፍሉይ ተጻዋርነትን ተጋድሎን ህዝባ ምዃኑ ዘረጋግጽ እዩ። ህላወ ኤርትራ ፍረ ናይ ሓመድን ሐጻን መስዋእቲ እምበር፡ ኣብ ሰደቓ ዲፕሎማስያታት ብውሳኔ ዝተረኽበ ወህብቶ ኣይኮነን። ዝ. ዓቢ ታሪኻዊ ተጋድሎ እዚ ምኽሓዉ ድማ ንመስዋእቲ ናይ ኣሽሓት ጀጋኑ ምጽራፍ ዘጠቓልል ነውራም ተግባር እዩ።

ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት መሪር ቃልሲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብወተሃደራዊ መገዲ ናጽነቱ ምስ ጨበጠ፡ ኑቲ ናጽነቱ ሕጋዊን ደሞክራሲያዊን መሰረት ንምሃብ ናብ ረፈረንደም ኣምረሐ። ኣብ ሚያዝያ 1993 ዝተኻየደ ረፈረንደም፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ካልኦት ኣማኢት ዓለምለኻውያን ተዓዘብትን ዝተዓዘብዎ እዩ ነይሩ። እቲ ወጽኢት ድማ 99.8% ህዝቢ ኤርትራ "እወ ንናጽነት" ብምባል ድምጹ ሂቡ።

እዚ ታሪኻዊ ወጽኢት እዚ፡ ኤርትራ ብድልየት ህዝባ እምበር ብስምምዕ ዲፕሎማስያታት ወይ ብናይ ፈጠራ ውሳኔታት ዝተፈጥረት ሃገር ከም ዘይኮነት ንዓለም ዘረጋገጸ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ሎሚ ዝለዓል ዘሎ ናይ ፈጠራ ትረኻታት፡ ዝ. ብሰፊሕ ዝተሰነየ ሕጋዊን ደሞክራሲያዊን ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ዝኽሕድ እዩ። እዚ ፍጻመ እዚ፡ ኤርትራ ናይ ህዝቢ ድልየት እምበር ወጻኢት ናይ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ስምምዕ ከም ዘይኮነት ንዓለም ዘርኣየ እዩ። እዚ ረፈረንደም እዚ ንልኡላውነት ኤርትራ ዘበሰረ ናይ መወዳእታ ሕጋዊ ማሕተም ስለዝኾነ፡ ዝ. ንምኽሓድ ዝግበር ፈተነታት መርኣያ ፖለቲካዊ ድንቁርና ጥራይ እዩ።

ካብዚ ሓሊፉ፡ እቲ "ኢትዮጵያ ንምድኻም ዝግበር ውዲት" ዝብል ፕሮፖጋንዳ፡ ምስቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ቁጠባዊ ቁጽርታት እውን ፈጺሙ ዝተኣሳሰር ኣይኮነን። ገለ ወግዓውያን ጸብጻባት ከም ዘጽርዎ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፋ 30 ዓመታት ብድምር ልዕሊ 114 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ቁጠባውን ረድኤታውን ሓገዝ ካብ ዝተፈላለዩ ኣህጉራውያን ትካላትን ሃገራትን ረኺባ እያ። ሕጂ እውን እንተኾነ ብሰንኪ ውሽጣዊ ኩናትን ጌጋ መሪሕነትን ዘጋጠማ ቁጠባዊ ቅልውላው ንምፍታሕ፡ ልዕሊ 3 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ናይ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ (IMF) ደገፍ ኣብ ምስማር ይርከብ።

እዚ ዝፍ ሓገዝ እዚ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ንኢትዮጵያ ንምዕቃብን ንምሕጋዝን ዘለዎ ጽኑዕ ድልየት እምበር፡ ንምድኻማ ዝግበር ስልታዊ ውዲት ከምዘይኮነ ርእሱ ግሉጽ ሓቂ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝተሰምዐ ናይ ውዲት ትረኻ፡ ንውሽጣዊ ሰንፍናን ናይ መሪሕነት ድኽመትን ንምሽፋን ዝተሃንጸ ፕሮፖጋንዳ ጥራይ እዩ። እዚ ቁጠባዊ ጭብጢ እዚ፡ ንኹሉ እቲ "ተኸቢብና ኣለና" ዝብል ናይ ሓሶት መድረኽ ብንጹር ዘፍርስ እዩ።

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘላቒ ሰላምን ምርግጋእን ክሰፍን እንተኾይኑ፡ ታሪኽ ካብ ምጥምዛዝን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ናይ ግጭት ባይታ ካብ ምፍጣርን ምቑጣብ ኣገዳሲ እዩ። ፖለቲካዊ ሽግራት ብናይ ፕሮፖጋንዳ ኩናትን ልኡላውነት ጎረባብቲ ሃገራት ብምትንኻፍን ክፍታሕ ከም ዘይክእል ታሪኽ ናይዚ ዞባ ብብዙሕ መገድታት ዝመስከሮ ሓቂ እዩ። እዚ ብመራሕቲ ብልጽግና ዝዝርጋሕ ዘሎ ሕሱር ግን ከኣ ሓደገኛን መናቕሕን ትረኻ፡ ንታሪኻውን ሕጋውን መንነት ኤርትራን ህዝባን ዝኽሕድ ነውራም ፕሮፖጋንዳ ጥራይ ምዃኑ ተረዲእካ፡ ንቕሓት ህዝቢ ምዕባይ የድሊ።

ዘላቒ ምርግጋእ ዝመጽእ ንልኡላውነት ሃገራትን ዓለምለኻዊ ውዕላትን ብምኽባር፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት ሓቀኛን ሰላማዊን ምትሕብባር ብምፍጣርን ጥራይ እዩ። ስለዚ፡ መራሕቲ ጉጅለ ብልጽግና ካብዚ ዓይነት ሓደገኛን ዘይሓላፍነታውን ትረኻታት ወጺኦም፡ ንልኡላውነት ጎረባብቶም ብምኽባር ንሰላምን ርግኣትን ምዕባለን ክሰርሑ ይግባእ። ታሪኽ ምጥምዛዝ ንግዚያዊ ፖለቲካዊ ረብሓ ከገልግል ይኽእል ይኸውን፡፡ ኣብ ነዊሕ እዋን ግን ናብ ዝኸፍአ ውድቀት ጥራይ እዩ ዝመርሕ። ልኡላውነት ኤርትራ ንኢትዮጵያ ስግኣት ዘይኮነስ ንሰላም ቀርኒ ኣፍሪቃ ዓቢ ዋንዳ ሕቖ ምዃኑ ተረዲእካ ምስራሕ ጥራይ እዩ ናብ ሓባራዊ ዕቤት ዝመርሕ። እዚ ሕሱር ፕሮፖጋንዳ እዚ ኣብ ቅድሚ ሓቀኛ ታሪኽን ሕግን ፈጺሙ ክቐውም ከምዘይክእል ግን ኩሉ ክየገዝኦ ዝግባእ ሓቂ እዩ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጸብጻብ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:20 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:45 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15:20 | ህርመት |
| 16:25 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ዶክመንታሪ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መመረኽቕታ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | መደብ ሕዋሩት |
| 23:00 | ፈንቅል |

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ተራ ምርምርን መጽናዕትን ኣብ ማሕበራዊ ለውጢ

በረኸት ጊደዎን
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ኣብዚ ቅልጡፍ ምቅይያር ዝርአየላ ዓለም፡ ሕብረተሰብ ኣብ ቀጻሊ ለውጢ ይርከብ። እዚ ዝፈጠሮ፡ ብርክት ዝበለ ማሕበራዊ ለውጥታት ድማ ይመጽእ ኣሎ። ኣብነታት ንምጥቃስ፡ ቴክኖሎጂ ዝፈጠሮ ኣጋጣሚ ሸቐለት፡ ምስፋሕ ከተማታትን ብዝሒ ህዝብን፡ ምዕባይ ተበጻሕነትን ኣቓርቦትን ትምህርትን ጥዕናን ንጡፍ ተሳትፍኦት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ማሕበረ ቁጠባዊ ጸላታት ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል። ብዘሒ ህዝብን ድሩት ኣቓርቦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ዝፈጠሮ ግርጭታት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዓለም ምንጪ ተረባሒ ጸገማት ብምዃን ሃገራት ማሕበረ ቁጠባዊ ጠለባት ህዝበታት ዓለም ዝያዳ ከስፍሑ ጸቕጢ ይፈጥር ኣሎ።

ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ክስተታት፡ ሃገራት ዓለም፡ ዕቱብን ስነ ፍልጠታውን መጽናዕትታት ብምኽያድ፡ እንታይ ዓይነት ለውጥታትን ፕሮግራማትን ከም ዘድልየን፡ ማሕበራዊ ትካላት ንህዝቢ ዝሁብኦ ኣገልግሎታት ብኸመይ የስፍሓ፣ ማሕበራዊ ጸገማት ብኸመይ ይፍትሑን ካልእን ዝበሉ ሕቶታት ንምምላስ፡ ብዕቱብ ክሰርሓሉን ክፈልጥኦን ድርኺት ይፈጥሩ ኣለው። ሕብረተሰብ ከም'ዚኦም ዝኣመሰሉ ሕቶታቱ ብዝዓዓኢ ክምለሱሉ እንተደኣ ኮይኖም፡ ብዓመት ወይ ብዛውሪ ዘይትካእ፡ ብመንገዲ ቀጻሊ ምርምርን ስነ ፍልጠታዊ መጽናዕትታትን እዩም ግቡእ መልሲ ክረኽቡ ዝኽእሉ።


ኣቶ ተስፋይ ቀለታ ደምሳስ ዝተባህለ ኤርትራዊ ክኢላ፡ ኣብታ "ስነ-ኣገባብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን" ትብል ኣብ 2025 ዘሕተማ መጽሓፉ፡ ንምርምር ኣመልኪቱ ክዘረብ ከሎ፡ ምርምር ብዝተፈላለዩ ሰባት ብብዙሕ መንገዲ ከም ዝተገልጸ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ኣብ ተፈጥሮን ሕብረተሰብን ብንዕዘዮን ንምኸሮን ሕቶታት ከምዝፍልም፡ ኑቲ ዝተዓዘብናዮ ሓቅታቱ ንምርግጋጽ ፈተነ ከም እተካይድን ሳይንሳዊ ምርምር ድማ ዘዩቋርጽ መስርሕ ምኻኑን ከም ዝተረድኦ ገሊጽዎ ኣሎ። መዘዝበ ቃላት እንግሊዘኛ'ውን "መጽናዕቲ ንሓቅታት፡ መትከላት፡ ክልሰ-ሓሳባት መተግበሪታትን ንምድላይ ወይ ንምእራም ብስርዓታዊ መንገዲ ዝግበር ምርምር" ወይ ድማ "ብቐጻሊ ሓቂ ንምርካብ ዝግበር ኣሃላኺ ድልያ እዩ" ኢሉ ይገልጾ።


መሓመድ ዩኑስ

ማሕበራዊ ለውጢ ዘዩቋርጽ መስርሕ ምስ ምዃኑ ተታሓሒዙ፡ ምርምር ኣብ ሕብረተሰብ ንዘለዓሉ ሕቶታት ክውንኑዩም ብፈተነ ብምምርማር፡ ናይ ማሕበራዊ ለውጥን ሰጉጓርን መስርሕ ብስርዓታዊ መንገዲ፡ ኣብ መርትዖ ተመርኲሱ ብቐጻሊ ክትንትን ዝደሊ ኣምር እዩ ክበሃል ይኽእል።

ንማሕበራዊ ለውጢ ዝድርኹ ፖለቲካዊ፡ ባህላዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቴክኖሎጂያውን ረቛሒታት ብኸመይ ይጽሉ፤ ማሕበራዊ ለውጢ ንዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጉጅለታት ብኸመይ መልክዑት ይጸልዎም፤ ካብ ትግባረ ወጥናት እንታይ ዓይነት ዝተደልዩ ዓወታት ወይ ዘይተሓሰቡ ሳዕቤናት ይገዝዱ፤ ኣየናይ ፕሮጀክት ንማሕበራዊ ለውጢ የቀላጥፍን ካልእን ዝበሉ ሕቶታት ብምልዓል፡ ሕብረተሰብ ንሕሉፉ ዓሚቑ መረዳእታ ክህልዎ፡ ንህሉው ኩነታት ዝምጥን ንጹር ኣረኣእያ ክሕዝ፡ መጻኢኡ ድማ ብኸመይ ክቕርጽ ይኽእል ኣብ ዝበል ዛዕባታት፡ መጽናዕትታት ምኽያድ ዓቢ ተራ ኣለዎ።

ምርምር ኣብ ማሕበራዊ ለውጢ እወታዊ ኣብርክቶ ክህልዎ እንተኾይኑ፡ ትመርጾ ዓይነት ስነ-ኣገባብ ምርምር ኣገዳሲ ወሳኒ እዩ። ብዘይካዚ ወድዓዊ ምርምራት ምኽያድ፡ ንምርምር ኣብ ዘይትካ መዓላ ካብ ምውዓልን ሚዛናዊ ጥቕሚ ክህብ ኣብ ምግባርን ይሕግዝ።


ጀፍሪ ሳችስ

መጽናዕታዊ ምርመር፡ ከም ኣገባብ ውድዓዊ፡ ብዓይኒ ስነ-ሞንት ድማ ዘይሻራዊ እንተኾነ፡ ብፍጹም ማሕበራዊ ገለልተኛ (social neutral) ክትብሎ ዘኽበድ እዩ። ኣብ ምኽያድ መጽናዕቲ፡ ዝተጻነዐ ርኽበታት እንታይ ይመስል። ኑቲ ምርምር ዝመወሎ ኣካል ምፍላጥ፡ ርኽበታት ዝተቐረጹሉ መንገድታት ምንዳይ፡ ዝበሉ ሕቶታት የገድሱ እየም። ምኽንያቱ ኣብ ሚዛናውነት ናይ ምርምር ዓቢ ኣብርክቶ ስለዝገብሩ። ጀርመናዊ ምሁር ስነ ሕብረተሰብ፡ ካርል ማርክስ፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ምርምርን ፍልጠትን ክዘረብ ከሎ፡ "ፍልጠትን ምርምርን፡ ብትሕዝቶ፡ ንዋት፡ ዝምድናታት፡ ውጽኢቱ ናይ ምቕራጽ ተኽእሎ ኣለዎ" ክብል ይገልጾ።

ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ታሪኽ ከም ዝተራእየ፡ ብርክት ዝበሉ ሓይልታት ንምርምር ከም መሳርሒ ማሕበራዊ ምህንድስና ተጠቒሞምሉ እዮም። በዚ ድማ ንዝደለይዎም ፖለሲታት ኣድማዕቲ ንምምሳል፡ ምስ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ታሪኻዊ ፍጻመታት ዝተሓሓዙ ክውንነታት ብምድምሳስ ሕብረተሰብ ኣብ ምግጋይ ኣውዒሎሞም። በቲ ንሶም ዝዘርግሕዎ ሓበሬታ ተጸልዩ ኣብ መስርሕ ዝምዕበል ማሕበራዊ ለውጢ፡ ድማ፡ ኣሉታዊ ሳዕቤን ይህልዎ። ስለዚ ኩሉ ብስም ምርምር ዝቐረበ ውጽኢት ወይ ርኽበታት ጠቓምነቱን ወድዓውነቱን ምርግጋጽ የድሊ።

ገለ ንሕብረተሰባት ዓለም ብኣሉታዊ መንገዲ ዝጸለዉ ግጉያት ምርምራትን ፍልስፍናታትን ኣለው። ሓደ ካብዚኦም ብምንቅስቓስ ኢጀኒክስ (Eugenics Movement) ዝፍለጥ፡ ምምሕያሽ ዓሌታዊ ዘርኢ ደቂ ሰብ ንምግሳጋስ ዝሰርሕ ማሕበራዊ ፍልስፍና እዩ። ንዝበለጹ ተባሂሎም ዝወሰዱ ሕብረተሰባት ዓሌት መረጻኻ ክራብሑ፡ ኑየም ድኹማት ዝበሃሉ ከኣ ንኸይራብሑ ብምትብባዕ ወይ ብመንገዲ ቴክኖሎጂ ኣብልካ ዘርኢ ወዲ ሰብ ምምሕያሽ ዝሰብኽ ፍልስፍና ኮይኑ፡ ብጉልባብ ምርምር፡ ገለ ዓሌታት ወይ ጉጅለታት ዝበለጹ እዮም ዝብል ሓሳብ ንስጉሱ።

እዚ ደሓር ኣብ 20 ክፍለ ዘመን'ውን ብምርምር "ስነ ፍልጠት - ፋልሶ" (pseudo-scientific) ዝብል ስያመ ዝተጻወዐ ኮይኑ፡ እዚ ስነ-ሓሳብ ንኸም ብዓል ኣዶልፍ ሂትለር ዝኣመሰሉ መራሕቲ ጸልዩዎም ተባሂሉ ይእመን። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ናዚ ጀርመን ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ብርክት ዝበለ ቦታታት ኤውሮጳ ኣብ ዝተቘጻጸረሉ ኣብ ትግባረ ወዓለ። ኣብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ'ውን በዚ ሰረተ እምነት እዚ፡ ብግዴታ ናይ ምምካን ፕሮግራማት ተሰሪሑሎም እዩ። ኣብ ግዜ ሆሎኮስት ዝተኻየደ ጃምላዊ ህልቂት፡ ናይ'ዚ መርኣያ እዩ ዝብል እምነት ኣሎ። እዚ ሓይልኻ ወይ ስልጣንካ ተጠቒምካ፡ ምርምር ከም ጉልባብ መርትዖ ብምግባር ዝወሰድ ስጉምቲ እንታይ ዓይነት ኣዕናዊ ማሕበራዊ ሳዕቤናት ከምጽእ ከም ዝኽእል ዘርኢ እዩ።

ኣብቲ እወታዊ ተራ መጽናዕቲ ንማሕበራዊ ለውጢ ኣብ ንርእየሉ እዋን ድማ፡ ምስ ጸገማት ደቂ ኣንስትዮን ድኻታት ኣካላት ሕብረተሰብን፡ ብፍላይ ድማ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሓ ስድራቤታት ተተሓሒዙ ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ ጥምጥሮ ኣደሽያዊ ክኢላ ስነ-ቁጠባ መሓመድ ዩኑስ ዝገበሮ ኣስተዋጽኦ ተጠቃሲ እዩ። እዚ ክኢላ፡ ብመንገዲ ዘካየዶ ምርምር፡ ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ ብዘይ ዋሕስ፡ ትሑት መጠን ወለድ ዘለዎ ልቓሕ ዘቕርብ ግራሚን ባንክ ዝበሃል ትካል ክምስረት ዝኣመመ ኮይኑ፡ ውጽኢት ስራሑ ኣታዊታትን ሸቐለትን ስድራቤታት ብምዕባይ፡ ንግልየናት ዜጋታት ጥምጥሮ ካብ ድኽነት ኣውጺኡ ኮማዊ ልምዓት ዘመሓየሸ ተባሂሉ፡ ኣብ 2006 ሽልማት ኖቤል ረኺቡ።

እዚ እወታዊ ለውጢ ዘምጽአ ውጽኢት ምርምር መሓመድ ዩኑስ፡ ብደረጃ ዓለም ከም ኣብነታዊ መርኣያ ኮይኑ፡ ብዙሓት ሃገራት ምስ ኩነታተን ኣርዒመን ዝጥቀማሉ ዘለዋ ኣገባብ እዩ። ብተመሳሳሊ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ደቂ ኣንስትዮ ዕድል ትምህርቲ፡ ሸቐለት፡ ፋይናንሳዊ ደገፋት እንተረኺበን ምሉእ ሕብረተሰብ ከም ዝረብሕ የርኢ። እዚም ርኽበታት ድማ፡ መንግስትታት ኣብ ጀንደር ዘተኮረ ልምዓታዊ ፖለሲታት ንኽሰርዕሙ ከም ዘተባብዖም ይሕብር።

መጽናዕታዊ ምርምር፡ ዓለምና ዝገጠማ ብድሆታት መፍትሒታት ብምድላይ ወዲ-ሰብ ክብረለ ዝኽእል ኮይና ክትቅጽል'ውን ሓጊዙ እዩ። ኣብ መፋርቕ 19 ክፍለ ዘመን ዝነበሩ ገለ ክኢላታት፡ ብዝሒ ህዝቢ ከም ስግኣት ብምጥማት፡ ክገድስሉ ዝኽእል ክልሰ ሓሳባት ኣንቂሎም ነይሮም። ናይ'ዚ ጉሉሕ ኣብነት፡ እቲ ካብ 1766 – 1834 ዝነበረ እንግሊዛዊ ቀሺን ክኢላ ስነ-ቁጠባን ቶማስ ሮበርት ማልቱስ ዘንቀሎ ክልሰ-ሓሳብ ተጠቃሲ እዩ። ማልቱስ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ናህሪ ብዝሒ ህዝቢ ከም ዓቢ ብድሆ ብምርኣዩ፡ "ዓለም ብኸምኡ እንተቐጺላ፡ ስለዘይትኣኽለና ብዝሒ ህዝቢ ክጎድል ኣለዎ" ዝብል ሓሳባት ከም መፍትሒ ኣምጺኡ።

ኣብታ "መትከላት ብዝሒ-ህዝቢ" ዝሰመያ ኣብ 1798 ዝጸሓፋ መጽሓፉ፡ "ብዝሒ ህዝቢ ገደብ እንተ ዘይተገይረሉን ምስ ቁጠባዊ ኸጋስ እንተ ዘይተመጣጠኑን ንድኽነት፡ ጥሜትን ማሕበራዊ ዘይምርግጋእን ከምርሕ እዩ" ክብል መጕቱ። ብሓያሎ ሰባት "ጽልሙት" ዝተሰመየሉ ከም መፍትሒ ዘቕረቦ ሓሳባት ድማ፡ "ጥሜት፡ ሕማም፡ ውግእን ዝኣመሰሉ ባህርያዊ ሳዕቤናት፡ መጠን ህዝቢ ንምንካይ ዝሕግዙና እወታዊ ወይ ኣገደስቲ መቆጻጸሪ እየም" ዝብል ነይሩ። ቶማስ ማልቱስ ኑቲ ዝነበረ ማሕበራዊ ኩነታት ብኸምኡ ክርእዮ ከሎ፡ ሓደ ኣገዳሲ ረቛሒ ኣብ ግምት ኣየእተወን ነይሩ፣ ንሱ ድማ ሓይሊ ናይ ምርምርን ቴክኖሎጂያዊ ምህዞን ማሕበራዊ ጸገማት ክፈትሕ ከም ዝኽእል እዩ።

ምስ ቶማስ ማልቱስ ዝደናገጹ ገለ ሊቃውንቲ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት፡ "ንማልቱስ ክንፈርደሉ የብልናን፡ ምኽንያቱ ኣብቲ ዘመን ዝነበረ ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ድሩት እዩ ነይሩ" ይብሉ። ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ኣብ ኣምራት ዘሎቑ ልምዓትን ምንካይ ድኽነትን ካብ ዝሰርሑ ፍሉጣት ሊቃውንቲ ስነ-ቁጠባ ዝኾነ ጀፍሪ ሳችስ፡ ኣብ'ዚ ሓሳባት ብምስምማዑ "ማልቱስ ኣብ'ቲ ግዜ ከም ብዓል ሓምላይ ሰውራን ዓለማዊ ናይ ንግዲ መርበባትን ዝኣመሰሉ ብምርምር ዝድረኹ መፍትሒታት ክመጽእ ከምዝኽእል ክሓስብ ተኽእሎ ኣይነበሮን። ሎሚ ግን ኣብ'ቲ ግዜ ዘይተራእየ ምርምራዊ ምህዞ ቴክኖሎጂ፡ ዓለም ንኽዕልና ከምትኣክል ገይሩዋ ኣሎ" ክብል ይገልጽ።

እዚ ድማ ንዩኖንፉ ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ፡ ኣገዳስነት ምርምርን ምህዞን ከም ዘንጸባርቕ ጀፍሪ ሳችስ ይገልጽ። ብዘይካዚ ጀፍሪ ሳችስ ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ከም ሕርሻዊ ምህዞ (ሓምላይ ሰውራ) ንውሕስነት መግቢ፡ ኣብ ትምህርትን ጥዕናን ዝተገበረ ወፍሪ ስድራቤታት ብውጥን ስድራቤት ንኽምርሓ ዝተገበረ ጻዕሪ ዝተረቓቐቐ ትሕተ ቅርጺ፡ ቴክኖሎጂያዊ ኸጋት ኣፍራይነት ንኽመሓየሽ ኣብ ርእሲ ምሕጋዞም፡ ኩሎም ምርምር ዝደረኾም መፍትሒታትን ንማሕበራዊ ለውጢ ሕብረተሰብ ዓለም ከም ዘገዘዱ ይገልጽ።

ማሕበራዊ ጸገማት ኣብ ዝኸሰተሉ ግዜ፡ ብዝያዳ ንጉዳያት ማሕበራዊ ሕሰም ይጸልዉ። እዚኣቶም፡ ቈልዑን ህጻናትን፡ ሰንከላን፡ ስደተኛታት፡ ኣረጋውያን፡ ዘኽታማት፡ ተናበይቲ ጎደና፡ ሸማግለታት ዝኣመሰሉ ኣካላት ሕብረተሰብ እዮም። ሓደ ካብ ኣገደስቲ ኣብርክቶ ማሕበራዊ ምርምር፡ ነዞም ክፉላት ሕብረተሰብ ማሕበራዊ ጸገማቶም ክፍታሕ ብዘጻውቶ ጉሉሕ ተራ እዩ።

ኣድማዒ ማሕበራዊ ፖለሲታት ኣብ ግምትን ሃሜናውነትን ዘይኮነ፡ ኣብ ስጡም መረዳእታ ማሕበራዊ ኩነታት፡ ስነ ፍልጠታዊ ትንተና፡ ወድዓውነት፡ መንታውነት፡ ርትዓውነት ክምርኮሱ ይግባእ። እዚ ምስ ዝግበር፡ ማሕበራዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ተለልዮም፡ ዝጥዑ መፍትሒታት ክረኽቡ ዓቢ እጃም ይጻወትን፡ ተራ ምርምርን መጽናዕትን ኣብ ምምዛድ ማሕበራዊ ለውጢ ድማ ክዓብን የኽእል።

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ሰኣልቲ- ኣብርሃም በየነ
- ክብሮም ጸሃየ

## "ሳዋ ሰፈር ኤርትራውያን ወለዶታት'ያ" ተመረቕቲ 38 ዙርያ

ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ንዓመት መመላእታ ብኣካዳምያዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ትምህርቲ ክሰልጥኑ ዝጸንሑ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሰንበት 11 ሓምለ 2026 ሰልጢናኦም ብድሙቕ ብምዝዛም ኣብ ሳዋ ከም ዝተመረቑ ብመራኸቢ ብዙሓን ሃገርና ከም ዝተኸታልኩሞ ይፍለጥ። ስለዚ እምበኣር፡ ሳዋ ብዓይኒን ቃላትን ተዓለምቲ እንታይ ከም ትመስል፡ ኣብ ዕለተ ጽንብል መመረቕታኦም ኣብ ስተድ ሳዋ ተረኺብና፡ ምስ ተመረቕቲ ዕላል ኣካይድና ነይርና። ሰናይ ንባብ፡

**- ሕራይ መንእሰይ ሳሌም ግዲ ሳዋ ኣብ መንእሰያት ኤርትራ ዘለዋ ጽልዋን ኣበርክቶን ከመይ ትገልጽያ፧**

ሳዋ ክንብል እንከለና፡ ምሉእ ሰብ ኴንካ በስልካ ብኩሉ ሚዛን ከም ትርኢ እትገብር መዓር እያ። ኩታ ብቑዕ ሰብ ከም ትኸውን



ዮርሳሌም ግደ



ሳሌም ግርማይ

እትገብር ተሃሪፊት ቅርዓት መንእሰያት ኤርትራውያን'ያ ኢለ ክገልጽ እኽእል እየ።

**- እሞ ኑዩም ብሕጂ ዝወርዱ ዘለዉ 39 ዙርያ መንእሰያት፡ እንታይ መልእኽቲ መማሓላለፍክሎም፧**

ናይ ብሉቂ ሳዋ ከም'ቲ ገሉ-ገለ ሰብ ዝብሎ ኣይኮነትን። መጺኢ'ኻ ምርኣይ ምእማን ስለ ዝኾነ፡ መጺኣም ክርእዩዋ ኣለዎም እብል። እየም ዝሓለፉ ዙርያታት'ውን ንዕኦም እኹላት ምስክር እየም። ብሰዋ ዘይሓለፈ መንእሰይ ኤርትራ የብልናን። ኩሉ ኣብ ህንጸት ሃገር ተዋፊሩ ዘሎ እቲ መንእሰይ ብመሳልል ናይዛ ቦታ ዝሓለፈ እዩ። ኩሉ ነገራት ርእሰኻ ከም ዘእመንካዮ እዩ ክብሎም እደሊ። ኣብ ዓለም ሓደ ሃገር ዋላ ቀሊል እንተኾነ 'ከቢድ እዩ' ኢልካ ንሓንጎልካ እንተ ደኣ ኣእሚንካዮ፡ ምሕር ከቢድ እዩ። እንተ ደኣ ኣቕሊልካዮ ከኣ ኣዝዩ ፈኲስ እዩ። ደሓር ከኣ ሳዋ'ኮ ብስጽንትካ እተርእየሉ ምስ ከማኻ ዝኣመሰሉ ኣሽሓት መንእሰያት ኑብሾካ እተወዳድረሉ ቦታ ስለ ዝኾነ፡ ይጥዕም ይሕሰም ብሓደ ኴንካ እትምክተሉ እዩ። ቦታ ሪኢይን ዕላማን ብዓበኡ ከኣ ቦታ ናይቲ ሓብራዊ ዕማምን ህይወትን እዩ ኢለ ክዛረብ እኽእል። ሳዋ ከኣ ንትምህርትን ወተሃደራውን ስልጠናን ንኽልቲኡ ብማዕረ እተኣንግድ ኣደራሽ ምትእኽኻብ ኤርትራውያን ወለዶታት እያ።

**- ሻምባ ኢኺ ሒዝኪ፡ መራሒት ወተሃደራዊ ሰልፊ ናይዚ ዙርያ ኢኺ፡ ከምኡ'ውን ናይ ክብሪ ሰላምታ ኢኺ ክትገብሪ ጽሒኺ'ሞ፡ እንታይ ተሰሚዑኪ፧**

ኣዝየ ተሓጒሰ፡ ኣብ ዝደረጃዚ ምብቃዐይ፡ ውጽኢት ናይ ኣለይተይ፡ ወለደይ፡ መማህርተይ ምኻኑ ከኣ ክርዳእ ክእሉ።

**- ሕራይ ሰናይ ተስፋለም'ውን እንቋዕ ኣሐጎሰኩም፡ እንቋዕ ናብ መዛዘሚ ኣብጽሓኩም! ብዛዕባዚ እንታይ ትብለና፧**

ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወሸጥን ደገን ኣብ መውዓኢታ ነቲ ሃረር ክበሎ ዝጸንሐ ዓወት ደቂ ምርኣዩ እንቋዕ መገሶካ ክበሎ ባህ ይብለኒ። ሰንቂ ቋጺሩ ዘፋነወና ንሱ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ሓገስ ልዕሊና ንዕኡ ዝምልከት ህዝቢ እዩ። ዘይጽዓድ ህዝቢ ሞራል ኣሰኒቑ ስለ ዝሰደደና ማለተይ እዩ።

**- ሳዋን መንእሰያት ኤርትራን ከመይ ትገልጾም፧**

ክልቲኦም ዘይነጻጸሉ ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም እዮም ክብሎም እኽእል እየ። ሳዋ እንተ ደኣ ኢልካ፡ ሰፈር ኤርትራውያን ወለዶታት መንእሰያት እያ። ኣብ'ዛ ቦታ ተራኺቦም እዮም ሓቢሮም ሃገራዊ ዕማሞም ዝፍጽሙ። እዛ ቦታ እታ ዝበለጸት ቤት ምህሮ ሽባብ ናይ'ዚ ዓዲ እያ። እታ ትኸክል ህይወት ክትረኽብ እንተ ደኣ ኴንካ፡ ናብ ሳዋ ክትመጽእ ኣሎካ። ስለ'ዚ ሳዋን መንእሰይ ኤርትራን ክትፈላልዮም ዘይትኽእል ቅዱዋት ሕብርታት እዮም።

**- ብልክዕ ሳዋ ንመንእሰያት ኤርትራ እንታይ ኣገዳስነት እዩ ዘለዋ ሰናይ፤**

ኩሉ ናይ ብስጽንት ዘለ ምስጢር ህይወት ኣብዛ ቦታ መጺኻ ጥራሕ ኢኻ ትመሃሮ። ምስ ካብ መላእ ኤርትራ ዝመጽኡ መንእሰይ ኣብዚ ሓቢርካ ብዙሓ ባህልታትን ታሪኻትን ትመሃር። ማሕበራዊ ህይወትን ምትሕግጋዝን ከምኡ'ውን ባህሊ ስራሕን ምትሕልላይን ትቕስም። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ብኣተሓሳስባ ትብስል። ዝተፈላለየ ባህሪ ሒዝካ ዝተፈላለየ መጺእካ ኣብ ሳዋ ግን ሓደ ዓይነት ሰብ ትኸውን። ኣዝዩ እዩ ዘገርም። ንባዕሉ ኣብ ህይወትካ ተጻዋርነትን ርእሰ ምትእምማንን ከም ዝህልወካ እትገብር ሳዋ እያ። ብሓጺሩ ብኣእምሮን ኣካልን ድልዱል ሰብ ኴንካ እትወጸላ ቦታ እያ - ሳዋ።

**- ምስ ኣለይትኹም ዝበረኹም ዝምድናኸ ከመይ ትገልጾ፧**

ናይ ወሉድን ወላድን እዩ ኢለ ምግላጸኩም። ብስጽ ሰብ ንኽንገብሩኻ ከይደቀሱ ዝሓደሩ ሰባት እዮም። እቲ ዝገርመካ ናብ'ቲ ናትካ ደረጃ ወሪዶም እዮም ጸገማትካ ክፈትሐሉ ዝጉዩ። ኣብ መውዓኢታ ድማ እቲ ዝሓየለ ሰብ ገዲሮም እዮም ዝሰርሑኻ። ዕላማኦም ድማ ብቕዓምነት ንህይወትካ ደሓር ንህዝብን ሃገርን ኣፍሪዱ ዜጋ ኴንካ ንኽትወጽእ እዩ። ናይዚኦም ሕልፍ ዝበለ እዩ። ልዕሊ ወለድና እዮም ክብል እውን እደፍር። በብደረጃኡ ብማዕዳን መኣረምታን ኣብ ህይወትካ ክማዕብሉኻ



ሆሴ ዘርእዝጊ




ዝኽእል ነገራት እናምጽኡ ብደቒቕ ልዑል ክትትልን ክንክንን ዝገብሩ ፍጡራት እዮም ምብልኩዎም። ቢቃ ሰድራና እዮም።

**- ሳሌም ናጢ ከብል፡ ሳዋ ከመይ ረኺብኪያ፧ ኣብ ህንጸት መንእሰያት ኤርትራ ዘለዋ ጽልዋ ከመይ ትገልጽያ፧**

ሳዋ ኣብ ህይወት መንእሰያት ኤርትራ ፍልይቲ እያ። እታ ብቕዓማይ ደረጃ እትሰርዕን ተዘኮሪትን ቦታ እያ። ንኹልና መንእሰያት ናይዚ ሃገር ብኹሉ ሸነኻት እትምህር ዓባይ ቦታ እያ። ነቲ ዝበርካ ሃገባይ ኣተሓሳስባታት ሓደ ገይራ እተውጽእ ቁራዕ እያ። ሓደ ልቢ ከም እንነውንን ዝገበረት ተጠቃሲት ቦታ እያ።

**- ኣብ ሳዋ እንታይ ተማሂርና ወይ ወሪስና ትብሊ ሳሌም፧**

ኣብ ሳዋ ዘይትመሃሮ የለን። ብዓበኡ እቲ ወተሃደራውን ኣካዳሚያውን ኣሎ። ብዙሓ ሰቲትን ሓድነትን ትመሃር። ፖለቲካዊ መንቋሕቋሕታኻ ክብ ዘብሉ መደባት ኣለው። ከመይ ኢልካ ምስ ሓዳሽ ከባቢን ህዝብን ብወህደትን ፍቕርን ከም ትነብር ትመሃር። ፍቕሪ ስራሕን ተጻዋርነትን እውን ኣብ ቦታኡ እዩ። ኩታ ሳዋ ብኹሉ ሸነኻት ኩብኩባ እተዕቢ ሃብርም ቦታ እያ። ብሓፈሻ ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ እትወርሰላን ማይ ሓድነት እትሰትየላን ቤት ህንጸት መንእሰያት እያ።

**- ሕራይ ኣቤል ዳኒኤል ከምኡ'ውን ሆሴእ ዘርእዝጊን'ከ ዕለተ መመረቕታኹም እንታይ ሓሳባት እዩ ዘለኩም፧**

- ፈለማ ዕለተ መመረቕታና፡ ንዓና ተመረቕቲ ፍሉይ ህያብ እዩ። ምኽንያቱ ዓመት ምሉእ ህዝብን መንግስትን ዝጸዓሩሉ ፍረ ንሓፍስ ስለ ዘለና። እዚ ንዓና ከም መንእሰያት ከቢድ ሕድርን ሓላፍነትን እዩ ዘለክመና። ብትምህርትን መኸተን ህዝብን ሃገርን ክነውሕስ ጸር ኣለና። ዕላማና ድማ ኑብስና ክኢልና ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽንበጽሕ እዩ።

**- መኽሰብ ናይ መደበር ታዕሊምን**



ሰናይ ተስፋኣለም



ኣቤል ዳኒኤል

**ትምህርቲን ሳዋ እንተ ትገልጹለይ፤**

ረቡሓ ናይ ሳዋ ዓቢ እዩ። ብሓጺሩ ኑብስኻ እትፈልጠሉ ቦታ እዩ። ፍቕርን ምትሕልላይን ጸገማትን ተጻዋርነትን ብሓባር ምንባር እትመሃረላ ደንብ መንእሰያት እያ። ሳዋ ኩልንትናኻ ኣስተኻኺላ ምሉእ ሰብ ከም ትኸውን እትገብረካ ቅድስቲ ቦታ እያ። ብዓበኡ ግን ካብዚ ቅርዓት ዝፍኖንጎ ብምልያናት ዘይርከብ ፍቕሪ ኢኻ ትመሃር። ካብዚ ቦታ ክትፈላለ እንከለኻ ዝስመዓካ ናፍቖት ፍሉይ እዩ። እዚ ከኣ ሳላ'ቲ ኣብዚ ዘወሰድናዮ ሰብኣውነትን ሕልናን ዝተረኽበ ወርቃዊ ኣእምሮ እዩ ክበሎ እፈቱ።

**የቐንየልና!**





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/ቤ/መሰ ኤስ ኣ ኢንተር ብሕቲ ማሕበር ብፍ/ ብዓል ዕዳ 1. መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ 3. ትካል ዕደና ቀጢና፣ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ፈጸሚ ጉዳይ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፣ ንፅ16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ዓብደልቃድር መሓመድ 2. ሙልጌታ ደሱላቅ ሳህለ ወከል ነጋሽ መሓመድ ኣደም፣ ሓፍትና ዝነበረት ለዋ ደጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ተጸዋዕቲ ኣፍ/ሄር ወርቅሽ ደሱላቅ ሳህለ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን21/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብዘይለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣብ መንጎ ከሰሲ ወረ/ፍ የውሃንስ ሓድጉ ዝኾነ ተሰፋይ የውሃንስ ሓድጉን ተኸሰስቲ ወረ/ፍ የውሃንስ ሓድጉን ወረ/ፍ ዘውዲ ኣስረስ በራኺ +3ን ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡሎም ስለዘሎ፣ ተኸሰስቲ 1. ኤልሳ የውሃንስ ሓድጉ፣ 2. ናጽነት የውሃንስ ሓድጉ፣ 3.1 ኣፍ/ ዳንኤል የውሃንስ ሓድጉ ተተካኢት ጓሉ ሄለን ዳንኤል የውሃንስ ሓድጉ 3.2 ዳዊት የውሃንስ ሓድጉ፣ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ/37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብዘይለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ፍረወይኒ ሃይለ መሓሪ ብዓል ቤተይ ዳዊት ጉብረዝጊኣብሄር ግደ ስለዘይተሰውኣ፣ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኮነ ገንዘቡ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳዕድያ መሓመድ ኣልኣሚን ዓብደላ፣ ምባል ተረፉ፣ ሳዕድያ ኣልኣሚን ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረምለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ዞባ 2 ምም/ከበ. 01 ቁ/ገዛ 255 ብቁጽሪ ካርታ ዋንነት 520223 መወከሲ ቁ 520278 ስፍሓት መሬት 49.95 ት/ሜ 2+ ቀንዲ ክፍሊ ሓደ ተሓጋጋዚ ክፍሊ ዝተደኮና፣ ብስም ኣቶ መሓመድ ስዒድ ኣሕመዲን ኣዳምን ወ/ሮ ሳዑዳ ዑትባን ዓሊን ዝተመዝገበ፣ ኣቶ መሓሪ ተኪኤ ተሰፋይ ዝሃደኑ ብሀያብ ንዓይ ኣቶ ገረትንሳኤ ወልዱ ጉብረስላሰ ዝሃበትኒ፣ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለ ዝሾኽኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መሰገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተ ነይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ቴክኒክ ን/ዞባ ሰገነይቲ ይቕረብ፣ እንተዘይቀሪቡ፣ ብዘሎ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ገረትንሳኤ ወልዱ ጉብረስላሴ

ኣመልካቲ መድሃኔ ጉብረእግዚኣብሄር ስዒድ፣ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ገዛባንዳ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 285 ፓርሰል ኤፍ ASP 00022670 ASD 00020390 ስፍሓት መሬት 500 ት/ሜ፣ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 53362/88441 ብስም ወላዲና ነ/ሄር ጉብረእግዚኣብሄር ስገድ ዝተመዝገበ፣ ብውርሲ ዝበጽሓና፣ ናብ መድሃኔ ጉብረእግዚኣብሄር +6 ክሰመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘእዘዞ መሰረት መሰገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበየለሉ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

መድሃኔ ጉብረእግዚኣብሄር

## ጨረታ

ምውጋን ንብረት ብመንግስቲ ኣብ መኽዘን ፈሮቪያ ንዝርከብ ብዙሓ ዘሎዎ ዝተፈላለየ ንብረት ክሸይጥ ንኹሎም ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

1. መሸጣ ንኹሉ ሕጋዊ ተጫራታይ ክፉት እዩ።
2. ተጫረትቲ ናይ
2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ
-100,000.00 ናቕፋ ትሕጃ በክ ሒዞም ይቐርቡ።
3. ጨረታ፣ ዕለት 16/07/2026 ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ይኻየድ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፌሮቪያ) ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ምውጋን ንብረት መንግስቲ፣ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ምውጋን ንብረት መንግስቲ

## ምስጋና



ብመስዋእቲ ክቡር ብዓልቤተይ መጀር ነጋሲ ተስፋዝጊ ጉብረማርያም (ወልቃይት) ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዚቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴለፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ብዓልቲቤቱ ምሕረት ተስፋማርያም
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣዝዩ ዘፍቅሮ ወደይ ቴድሮስ ህንጹ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ኣብ ገጀረት ዓቢ እንዳ ጋብር ቤተክርስትያን ዚቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ኣሕዋት፣ ቤተሰበን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንሕብር።

ወላዲቱ ወ/ሮ ረዘነ ጉብረዝጊ
ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራቤትን

## ምስጋና




ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈትዋ ኣዴና ወ/ሮ ጉብርኤላ ዑቕባሚካኤል ጉብረእግዚኣብሄር፣ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ መርሓኖ ብምኻድ ዚቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻኢን ቴለፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ፈተውትን ሰራሕተኛታት ዩኒቨርስቲ ኣስመራን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ።

ደቃን ኩሎም ኣሕዋታን
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

መጻሕፍቲ ፍቕሪ፡ ሓዳርን ህይወትን




- ሓይሊ ፍቕርን ሕልኽላኽ ባህሪ ወዲ ሰብን
- ብሉጽ ድርሰትን ጽባቐ ስነ-ጽሑፍ ሩስያን
- ዘዘናዪ፡ ዘጕህዩ፡ ዝምህሩን ዘለብሙን ዛንታታት

ኣብ ኣውገት ባሕቲ መስከረም፡ ጋለሪ፡ መረብ፡ ሰቲት፡ ኣምባሳደርን ካልኦትን ተዘርጊሐናልኩም ኣለዋ፤ ዓዲግኩም ኣንብብወን።

ንሓበሬታ፥ ኢንጂ. ሚኪኤል ኣዳም 07265765

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of **ERITEC PRIVATE LIMITED COMPANY,** on their Extraordinary General Meeting held on the 1st day of July, 2025, have resolved that;

1. Pursuant to Circuit Court of Fairfax County's, Virginia U.S.A. judgment under file Fiduciary Number FI-2023-0000159 on 23/01/2023 and the same judgment has been duly authenticated by relevant Eritrean Institutions that the late Mr.Leakemariam Ogbamichel's 725 shares per value of 1,000.00 (One Thousand Nakfa) Nakfa have been transferred to Mrs. Alganesh Tekeste.

2. Mrs. Alganesh Tekeste has sold and transferred her 50 shares per value of 1,000.00 (One Thousand Nakfa) to Mr. Teages Ogbamichel.

3. The post of the General Manager of the company having formerly been occupied by Mr. Leakemariam Ogbamichel has been terminated and this Extraordinary Meeting has appointed **Mr. Tekletsion Ghebremedhin** as General Manager of the company with the powers and duties laid down in the Articles of Association and various resolutions.

**ERITEC PRIVATE LIMITED COMPANY**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 93VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Rubber Technician Assistant**
**Number required – (08)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- To assist and support rubber Technician
- Carry out housekeeping before and after task
- Ensure tools and equipment cleanliness and orderliness
- Follow direct instructions from rubber Technician
- Ability to use basic hand tools.
- Assist rubber and belt technician in carrying out belt repairs and rubber lining.
- Maintain work area/workshop cleanliness and orderliness
- Maintain tools and equipment cleanliness and orderliness
- Perform additional task as required
- Must have good understanding of English.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • At least high school graduated |
| Working Experience – Nature & Length | • Not necessary |
| Technical Skills | • Not applicable |
| Behavioral Skills | • English must be understood |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

ብስም ሑሴን መሓመድ ሓሰን+6 ብቑ. መለለዩ ንብረት 1 BRASM 016 903 ብዕለት 31/3/2026 ኣብ ካዳስተር ዝተመዝገበ፡ ኣብ ጎደና 138-3 ፕሎት 11 ፓርስል A1 ዝርከብ ገዛ 3 ካብ ኣሕዋተይ 1. ነ/ ሄር ኑር መሓመድ 2. ነ/ሄር ባሙሽሙሽ ሓሰን መሓመድን 3. ነ/ሄር ዓብደረሂም መሓመድ ባሙሽሙሽ ስለዝዋረፉ፡ ናብ ወረስተይም ከይመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ክፍሊ ካዳስተር ዞባ ማእከልን የቕርብ፡፡

ዓብደላ ሰዒድ መሓመድ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ከባቢ ዚፕ ኮድ 1A752 ቁ/ፓርሰል ASP00053584 መለለዪ ቁ. ገዛ ASD00048995 ስፍሓት መሬት 143 ብስም ወ/ሮ ኣይዳ ገርጃ ኣውዓሎም ዝተመዝገበ ስለ ዝሸጥክዎ፡ ናብ ስም ዓዳጋይ ከሰጋግሮ ስለ ዝኾነ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታዮን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስትራልን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቐሪቡ፡ ብዘሎ ሰነዳት ጉዳዩ ክውዳእ ምኻኑ ይሕበር፡፡

ወ/ሮ ኣይዳ ገርጃ ኣውዓሎም

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ተራቮሎ ፕሎት 15 ፓርሰል E ጎደና ዋርሳይ ቁ. ገዛ 45 ስፍሓቱ 600 ት/ሜ ዝኾነ ተራ-ገዛ ዋንነቱ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1:003614/1 ብስም ላፋቺ ዶሞኒኮ ጆዋኒን ላፋቺ ኣንቶኒዮ ጆዋኒን ዝተመዝገበ፡ ብመሰረት ብዕለት 29/09/2012 ዝተገበረ ምቅሊት መሰረት ናብ ስሞም ክመሓላለፍ ስለዝኾነ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምኻነይ ይሕበር፡፡

ዳኒኤል እስቲፋኖስ

ብስም ኣቶ ኣሰካለ ዑቕባሚካኤል ዓንደሚካኤል፡ ብቑ/ምስክር ወረቐት 119411 መወከሲ ቁጽሪ 109572 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ፤ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ድማ ብቑ/ንብረት 1BRASM018506/0 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ናይ ቀደም ዞባ 2 ምም/06 ሎታ 24 ፓርቸላ C ናይ ሕጂ ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ከባቢ ማይ ጭሆት ዚፕ ኮድ 1A197 ጎደና ሳሕል ዝርከብ ገዛ፡ ብወለደይ ብህያብ ስለ ዝተወሃበኒ፡ ብዝተገበረለይ ህያብ መሰረት ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻነይ ይሕበር፡፡

ወ/ት ምስጋና ኣሰካለ
ብወኪል ኣቶ ማቴዎስ ኣሰካለ

ኣመልካቲ፡ ጉብረማርያም ጉብረመድህን ደብሳይ፡ ብወኪለይ ምሕረት ሰለሙን ኮይ ካብ ወለድና ነፍ/ ጉብረመድህን ደብሳይን ነፍ/ሪት መኣዛ ቀሺ ጉብሩ ጊላሚካኤልን ብውርሲ ዝረኸብናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 03 ምም/ 07 ጎደና 'ሐ' ቁ/ገዛ 29 ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑ/ምስክር ወረቐት 116740 መወከሲ ቁጽሪ 123973/72 ብስም ሓውና ነፍ/ጉብረሂወት ጉብረመድህን ተመዝጊቡ ዘሎ፡ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣቶ ጉብረማርያም ጉብረመድህን ደብሳይ
ወኪል ምሕረት ሰለሙን

## NOTICE

Notice is hereby given to the pubilc that enal future vision intelligent industrial Technology Company Ltd is in the process of incorporating as Branch Company in Eritea-

1 The office of the branch Company in Asmara

2 The authorized capital of the Company is 30,000.00 yuan (thirty thousand yuan)

3 The Company is authorized to perform Work of Mining business as per the Eritrea laws and proctice.

4 Mr Wang Yanchao is the General Manager of the Company he is authorized to act on behaif of the Company

5 The Company is in the process of registering the branch Company For unlimited time or until replaced by another form of a Company or continuity of the Work is not possible

Henal Future Vision Intelligent industrial Technology Company Ltd

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ጉብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Rubber Technician Assistant**
**Number required – (08)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- To assist and support rubber Technician
- Carry out housekeeping before and after task
- Ensure tools and equipment cleanliness and orderliness
- Follow direct instructions from rubber Technician
- Ability to use basic hand tools.
- Assist rubber and belt technician in carrying out belt repairs and rubber lining.
- Maintain work area/workshop cleanliness and orderliness
- Maintain tools and equipment cleanliness and orderliness
- Perform additional task as required
- Must have good understanding of English.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • At least high school graduated |
| Working Experience – Nature & Length | • Not necessary |
| Technical Skills | • Not applicable |
| Behavioral Skills | • English must be understood |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተጸዋዕቲ 2.1 ለምለም ሞሳዘጊ፡ 2.5 ቢንያም ሞሳዘጊ፡ 2.7 ወረ/ኖፍ/ሄር. ዳንኤል ሞሳዘጊ፡ 2.8 ወረ/ኖፍ/ሄር. ዳንኤል ሞሳዘጊ፡ 4. ኤልሳ መሓሪ ግርማጼን 5. ረዘ መሓሪ ግርማጼን 7. ተስፋይ መሓሪ ግርማጼን 8. ጺጋ መሓሪ ግርማጼን 9. ወረ/ኖፍ ታደሰ መሓሪ ግርማጼን፡ ብኣመልካቲት ወራ/ኖፍ መሓሪ ግርማጼን ጉብረመስቀል፡ ኖፍ/ራት ይሕደጋ ደበሳይ ጉብረሚካኤል፡ ዛይድ መሓሪ ግርማጼን ኣንጻርኩም ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ጎይትኦም ገዚኢ ትኳቡ ብወኪል ሳባ በርሀ ተወልደመድህን ናይ ስወእ ፍቃዱ ሓጎስ ዝበረለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ርስቶም ነጋሽ ኣስገዶም፡ ተኸሳሲቲ ወረ/ኖፍ ወልደሚካኤል ኣብመጋል፡ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ን24/07/26 ቁ/47 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ምስጋና ወረደ ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ብርሃ ሓጎስ ካሕሳይ፡ ናይ መኪና ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብስምካ ተመዝጊባ ትርከብ መኪና ER-I-C 3728 ab ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/07/26 ኣብ ቤ/ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቦል ራእሱ ዑቕባሚካኤል፡ ወለድና ራእሱ ዑቕባሚካኤል ገዝሀይን ንግስቲ ደስታን ስለዝዐረፉ፡ 6 ደቆም ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደባርዋ

ኣቶ ዘመንፈስ ስብሃትለኣብ ግርማጼን፡ ኣቦይ ኖፍ/ ስብሃትለኣኣብ ግርማጼን ሃብተጋብር ብዕለት 30/11/2025 ዓ/ብቑጽሪ 18/2015 ዝተዋህበ ወሃብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ጆሚትራ መንግስትኣብ ተኽለጊርግስ፡ ተኸሳሲ ቀሺ የውሃንስ ቀሺ ጉብረሃንስ፡ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን21/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣቶ ኣለም መኮንን ወልደዮሃንስ 2. ኣለም መኮንን ወልደዮሃንስ 3. ወረ/ኖፍ ወ/ሮ ወዘሸ መኮንን ወልደዮሃንስ፣ ኣብ ደባርዋ ዘሎ ገዛ ናይ ኣቦና ነ/ሄ መኮንን ወልደዮሃንስ ምዃኑ ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


ኣነ ሸያጢት ወ/ሮ ኣበባ ጉብረስላሴ ጓንጉል፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ከባቢ ዊና ፕሎት 116R ፓርሰል "A" ከባቢ ዚፕ ኮድ 1A187 ጎደና ባቕላ ቁጽሪ ገዛ 32 ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለይ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM002554/1 ብዕለት 02/01/2023 ዓ/ም ብስመይ ንዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ንዓደግቲ ስለ ዝሸጥኩሎም፡ ናብ ስም ዓደግቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳኔ ሒዙ ይቕረብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ሰነዳተይ ብምሓዝ ጉዳየይ ከውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣበባ ጉብረስላሴ ጓንጉል

## ብስራት ንኣንበብቲ መጽሓፍ
## ውሽጣዊ ሓይሊ

ንዘሎና ውሽጣዊ ጸጋ ብምብርባር፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ዓቢ ዓወት እተጐናጽፍ፡ ንዕላማናን ብህግታትናን ኣነጺራ ብምርኣይ፡ መንገዲ ዓወት ኣብ ምምራሕ ዓቢ እጃም፡ እትጻወት ሓዳስ መጽሓፍ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ኣንብብዋ፡ ንህይወትናን ከባቢናን ዝቕይሩ ሓሳባት ከነፈልፍል እትድርኽ ትሕዝቶ ኣሎዋ!




ቅድሚ ሕጂ ብደራሲ ዝፈረዩ መጻሕፍቲ፡
* ደሴት ፍቑራት
* ቀይሕ መስመር
* ብሉጽ ተመሃራይ

ደራሲ፡ ጆሚ ደጀን ተኽለ
ሞባይል፡ 07377953/ 07190414

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ሻውዓይ ክፋል

## ጽሬት ስራሕ

“ኣብርቲዕካ ስራሕ፣ ብዘዋግእ ተዘናጋዒ ታሪኽ ስራሕ።” - **ጄፍ ቤዞስ**

“ሕጂ ዝበለጸ ስራሕ ምብርኻት፣ ኣብ መጻኢ ኣብ ዝበለጸ ደረጃ የብጽሓካ።” - **ኦፕራ ዊንፍሬ**



ንገሌና ደረቱ ዝሓለፈ ዕሽሽታ ኣብ ስራሕናን ኣብ ህይወትናን ኣሎና። ገለ ሕማቓት መኻርቲ፣ “ሱብ ብስራሕ ክፍጮኻቕ የብሉን። ንምዝናይ ዝኸውን ብዙሕ ግዜ ክትምድብ ኣሎካ፣ ብብዙሕ ነገራት ክትሕጎስ እናኸኣልካ፣ ስለምንታይ ብስራሕ ትጭጭኻቕ፣ ...” እናበሉ ኣንፈትካ ከም ዝወጽበርካ ዝጉብኡ ኣለው።

ቀድም ቀዳድም ንሽኻ ንዝፍስኪ ወከፍ ኣብ ህይወትካ ዘጋጥም ከኣታት ውሳኔ ክትወስደሉን ሓላፍነት ክትሰከመሉን ከም ዘሎካ ንገዚአ ርእስኻ ከተእምና ይግባእ። ምዝናይ ኣድላዪ ምኻኑ ንምንም ሰብ ዝጠፍኦ ኣይኮነን። የግዳስ ብዋጋ ናይቲ ክቡር ስራሕካ ክኸውን ኣይግባእን።

ኮሊን ፓወል፣ “ሕልሚ ብመንገዲ ትንግርቲ ኣይኮነን ዝዝውድ። ረሃጽ፣ ተወፋይነትን ህርኩትነትን ይሓትት።” ኢሉ ነይሩ። ኣብ ዓራትካ ተጋዲምካ ሕልምኻ ክትዝደልካ ምጽባይ፣ ብቐልል ዝበለ ኣዘራርባ፣ የዋህነት እዩ።

ንስራሕካ ከም ተራ ነገር ክትጥምቶ ኣይግባእን። ዋላ ደሞዝካ ምስ እቲ ኣተብርክቶ ስራሕ ዘይመጣጠን ትሑት ይኹን፣ ንባህሊ ስራሕካ ዝድውን ዝኸውን ወሰታ ምውሳድ ኣየድልየካን እዩ። ደሞዝካ ትሑት ስለ ዝኾነ ጥራይ ጉልበትካን ኣእምሮኻን ሓብእካ ትሰርሕ እንተ ኾንካ፣ ካልእ መዓልቲ ርቡሕ ደሞዝ ኣብ ዝኽፈሎ ስራሕ ምስ ተቘጸርካ፣ ካብ እቲ ባዕልኻ ዘተኣታተኻዮ ባህሊ ትህኪት ምንጋፍ ክእግመካ ይኸእል እዩ።

ስራሕ ማለት ዕላማ ተልእኾን ስምዒት ዓወትን ዝፈጥረልካ እዩ። እዚም ነገራት ከኣ ንናይ ነፍሲ ወከፍ ሱብ ኣእምሮ፣ ስምዒትን ኣካላዊ ጸቡቕ ህላወን እምበር መጠን ኣገደስቲ እዮም።

“ስራሕ መንግስቲ ብትዕግስቲ!” ከበሃል ብተደጋጋሚ እሰምዕ እየ። ኣብ እቲ ፈለማ እዋን ነዚ ‘ብሂል’ ዝሰማዕኩሉ፣ “ኣብ ስራሕ መንግስቲ እተዋፈረ ሰብ፣ እምብዛ ጥንቁቕን ኣኽብሪ ተገልጋሊትን ክኸውን ኣሎዎ።” ዝብል ትርጉም ከም ዘለዎ እየ ዝርድኦ ነይረ። ‘ኣብ እዚ ሕጂ እዋን ብተግባር ከምኡ ኣላዶ?’ ኢልና እስከ ነፍሲ ወከፍ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝኾንና ንገዚአ ርእስና ንሕተት፣

ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ምስ ሕልና እተኣሳሰረ ስለ ዝኾነ፣ ብዕቱብ ክርአ ዘጉብኦ እዩ። ብትህኪት፣ ምጽንጓዩት (procrastination)፣ ገንጨርጨር፣ ትዕቢት፣ ንኻልኦት እትውቅስ፣ ዝሕተል (sloth)፣ ሓላፍነት ዘይስምዖ ... ዓይነት ባህሪ ዝተጎናጸፈ ስራሕተኛ እንተ ኾንካ፣ ኣብ ስራሕካ ናይ ምቕጻል ዝህልወካ ዕድል ኩቶ ውሑስ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ስራሕካ ዋሕስካ እዩ፣ ንሽኻ ንስራሕካ ዋሕስ ክትከውኖ ዘይትኽእል እንተ ኾንካ ግዱ ስራሕካ እውን ንዓኻ ዋሕስካ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ስራሕካ ንዓኻ ጥራይ ዘይኮኑ እንኮላይ ናይ ኣባላት ስድራ ቤትካ ዋሕስ እዩ። እቲ ምንታይሲ፣ ንዓኻ ስራሕ እንተ ደኣ ዘይብልካ ኮይኑ፣ ቀጻልነት ወይ ውሕስነት ስድራ ቤትካ ኣብ ሓደጋ ከም ዝወድቕ ክጠፍኣካ ኣይግባእን።

ንኹሎም ሸቶታትካን ሕልምታትካን ብቐጥታ ብመንገዲ ስራሕካ ኢኻ እተግህዶም። ሓጎስካ፣ ውሕስነትካ፣ ርእሰ ተኣማንነትካ፣ ዕግበትካ፣ ዓወትካ፣ ... ብቐጥታ ምስ ስራሕካ እተኣሳሰሩ ክኾኑ ይግባእ።

ጥርዚ ፍርያምነት ክትጭብጥ እንተ ደኣ ደሊኻ፣ ንምሕደራ ግዜኻን ጸዓትካን ግድን ክተወርጽጽ ይግባእ። ኣብ መንጎ ንስራሕካ ዝምልከት ግዜን ንውልቃዊ ህይወትካ ዝምልከት ግዜን ንጹር ዶብ ክህልወካ ኣለዎ። እዚ ዶብ እዚ እንተ ደኣ ተፈንጢሑ፣ ኣብ ስራሕካን ውልቃዊ ህይወትካን ብዙሕ ምዝርራግ ከስዕበልካ ይኽእል እዩ።

ገለ ሰባት ኣብ ሓዳርዎም ዘለዎም ጸገም፣ ናብ ስራሖም ተሰኪሞሞ ይምጽኡ እሞ፣ ምስ መሳርሕቶምን ናይ ቀረባ ሓለፍቶምን ህውከት ክኣጉዱ ትርእዮም። ብመንጽሩ፣ ካልኦት ሰራሕተኛታት ድማ ኣብ ስራሖም ዘለዎም ጸገም ናብ ገዛኦም ተሰኪሞሞ ብምኻድ፣ ምስ ብፃልቲ ቤቶምን ደቆምን ንዘለዎም ሰላምን ሓጎስን ዝዘርጉ ኣለው።

እቲ ካብ ኩሉ ዝኸፍኡ፣ እቶም ሰራሕተኛታት ብስራሖም ምስ ዝሕወዋ ... ስራሖምን ሓዳሮምን ኣብ ጸገም ከም ዝወድቑ ዘይርድኦም ምኻኖም እዩ። ከንዲ ዝኾኑ ኣብ እቲ ጸገሞም ንምፍታሕ ዝኾነ ዓይነት እወታዊ ጻዕሪ ኣይገብሩን እዮም።

ኣሸንኳይዶ ስራሕን ሓዳርን፣ ኣብ ውሽጢ ስራሕ ንዝኾነሉ ጸገማት እውን ምስ ዘይምልከቶ ኣካል ክንላዋወሶ ኣይግባእን። ምስ መሳርሕትኻ ወይ ናይ ቀረባ ሓለፍኻ ስለ ዝተጋጨኻ፣ ተሃንካ ኣብ ልዕሊ ዓማዊልካ ዘውጽእ ምኽንያት የብልካን። ኩሉ ህይወትካ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ጥራይ ኢኻ ክትረዳድኣሉን ክትፈትሖን ዘሎካ።

ሓደ መምህር ምስ ዳይረክተር ስለ ዘይተሰማምዐ፣ ንተማሃሮኡ ብዘጠቕምን ዘይጠቕምን ዝቖጽዕ እንተ ደኣ ኾይኑ፣ ኣብ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ክወርድ ዝኽእል ዕንወት ቀሊል ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ሓደ ሓኪም ምስ መሳርሕቱ ስለ ዝተገራጨወ፣ ኣብ ልዕሊ ዓማዊሉ ገርጨውጨው ዝብዝሕ እንተ ደኣ ኾይኑ፣ ኑቲ ንሱ ዝሰርሓሉ ሞያ ክሳብ ክንደይ ክድውኖ ከም ዝኽእል ንምግምጋሙ ዝእግም ኣይኮነን።

እቲ ብዛዕባ ጽሬት ስርሑ ዝግደስ ሰብ፣ ንኽብሪ ስራሑ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣየእትዎን እዩ። ስርሑ ክብረቱ ስለ ዝኾነ፣ ንስርሑ ክድውን ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ሕማቕ ተግባር ኣይፍጽሞን እዩ።

## ነቐፌታ ሕላገት ዓወት

ዋላ እኳ ነቐፌታ ክዘንቦካ እንከሎ ጸቡቕ ስምዒት ዘይፈጥረልካ እንተኾኑ፣ ናቱ ብልጫ ከም ዘለዎ ከኣ ክዘንጋዕ የብሉን። ሰባት ክነቕፉኻ እንከለው፣ ብቐጥታ ደዩ ብዘዘዋዋሪ ንሽኻ ትሰርሕ ከም ዘለኻ እዮም ዘረጋግጹልካ ዘለው። ንዘይሰርሕ ሰብ ዝግደሱሉ የብሉን። ከንዲ ዝኾኑ ዋላ ሓደ ሰብ ዝነቕፎ የብሉን።

ኣብ ስራሕካ ይኹን ውልቃዊ ህይወትካ ነቐፌታ ከተውግድ ኣይትሕሰብ። ዝያዳ ክትዕወት እንከለኻ፣ ዝያዳ ነቐፌታ ክመጽኣካ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ምእታው ጸቡቕ እዩ።

እቲ ዝቐርበልካ እወታዊ ነቐፌታ፣ ንኣሰራርሓኻ እምበር ንኣፈጣጥራኻ ወይ እንታይነትካ ዝምልከት ኣይኮነን። ገለ ሰባት ግዱ ንስራሕካ ምስ እንታይነትካ ሓዋዊሶም ዝነቕፉኻ ኣለው። ንኸምዚኦም ዓይነት ሰባት ክትጸልኦም ዘይኮንካ ክትድንግጸሎም እዩ ዘሎካ።

ንዓኻ ዘድልየካ ዓይነት ነቐፌታ፣ ኑቲ ኣብ ስራሕካ ዘርኣኻዮ ጌጋ ኣብ ምእራም ዝሕግዘካ ምስ ዝኸውን እዩ። ገለ ሰባት ንስለ ምንቃፍ ኢሎም ጥራይ ዝነቕፉ እኳ ኣለው። ንኸምዚኦም ዓይነት ሰባት፣ ካብ ምንቃፍ ደው ከተብሎም ኣይትኽእልን ኢኻ፣ እቲ ምንታይሲ፣ ንሽኻ ጸቡቕ ስራሕ ዋላ ኣይትስራሕ፣ ካብ ምንቃፍ ኩቶ ኣየብኩሩን እዮም።

ኣሚታብ ባቻቻን ዝበሃል ህቡብ ህንዳዊ ተዋሳኣይ፣ “ፍጹም ዝኾነ ሰብ የለን። ከንዲ ዝኾኑ ንነቐፌታ ወትሩ ክንቅበሎን ክንጽበዮን ዘሎና እዩ።” በሂሉ እዩ። ከምዚ ዓይነት ናይ ብሉጽ ትብዓት ዘለዎ ሰራሕተኛ፣ ብዝኾነ ይኹን ነቐፌታ ክደሃል ኣይክእልን እዩ።

ንዓዎት ነቐፍቲ ንብልጫኻን ድኽመትካን ብዝዋግእ ዝሕብሩ እዮም። ንሳቶም ንብልጫኻ ብምዝርዛር እዮም ዝጅምሩ፣ ከምኡ ክገብሩ እንከለው፣ ኣቓዲሞም ንቐንዕናኦም እዮም ዝገልጹልካ። ካብኡ ንጉድለትካ ከዮጉኻ እንከለው፣ ንዓኻ ንምክሻሽ ኢሎም ከም ዘይነቕፉኻ ዘለዉ ክትርድኣሎም ትኽእል ኢኻ።

ዕወታት ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ጽሬት ስራሖም እናሓሰቡ እምበር፣ ብዛዕባ ነቐፍቲ እናሓሰቡ ኣይኮኑን ስራሖም ዘሰላስሉ። ስራሖም ዝያዳ ብዝጸፈፍዎ መጠን፣ ብእኡ መጠን እቶም ናይ ብሓቂ ነቐፍቶም ከም ዝኽኑ ዘጠራጥር የብሎምን።

ክልተ ዓይነት ነቐፍቲ ከም ዘለዉ ክንዘንግዖ ኣይግባእን። እቶም ቀዳሞት ነቐፍቲ፣ ‘ሃጸጽቲ ነቐፍቲ’ ተባሂሎም ዝፍለጡ እዮም። እቶም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝሰርዑ ነቐፍቲ ድማ፣ ‘ኣዕነውቲ ነቐፍቲ’ ዝበሃሉ እዮም።

‘ሃጸጽቲ ነቐፍቲ’ ከም እቲ ስሞም ባዕሉ ዝሕብሮ፣ ብቐንዕና ሞያዊ ርእይቶኦም ክህቡ ተበጊሶ ዝወስዱ እዮም። ንሳቶም ኑቲ ዝነቕፍዎ ዘለዉ ሰራሕተኛ፣ ጌጋኡ ኣሪሙ ዝበለጸ ጽፉፍ ስራሕ ንኸበርክት፣ ብዝከኣሎም ዓቕሚ እዮም ዝሕግዙ።

ብመንጽሩ፣ ‘ኣዕነውቲ ነቐፍቲ’ ሞያውያን ይኹኑ ኣይኹኑ ብዘየገድስ፣ ኑቲ ብቐንዕና ዝሰርሕ ሰብ ደይመደይ ኢሎም ንምዕናውን ዳሞግይ ከም ዘይይትንስእ ንምግባርን ዘንቀዱ ሰባት እዮም። ከም እዚኦም ዓይነት ሰባት፣ ንዘደኸመ ሱብ ክነቕፉ ኑብሶም ኣይጉብረሉምን እዩ። እቲ ምንታይሲ፣ እንተ ደኣ ነቒፎሞ፣ ካብ ጌጋኡ ተኣሪሙ ናብ መንገዲ ዓወት ክምለስ ይኽእል እዩ። ከንዲ ዝኾኑ ናብ ጎደል እናኣተወ እናርኣዩዎ እንክለው፣ ስቕ ኢሎም እዮም ዝርእዩዎ።

ኑቲ ዕዉት ሰብ ግዱ ንገለ ጌጋታቱ ብዖሰርተ ዕጽፊ እናራብሑ፣ ኑቲ ቅኑዕ ጉድኑ እውን ኩላ ኢሎም እናጠምዘዙ፣ ምፍጣሩ ክሳብ ዝጸልእ ክጉብርዎ እዮም ዝህቅኑ። ምኽንያቱ ንሳቶም ምሕር ሓሳዊት እዮም። ናይ ሰብ ሕማቕ እምበር፣ ናይ ሰብ ጸቡቕ ክርእዩ ኑብሶም ኣይጉብረሎምን እዩ።

እዚ ኢና እምብኣር ከም ሰራሕተኛታት መጠን ንጉዳይ ነቐፌታ ብዘዋግእ ክንምዝዝኖ ዘሎና። ኣብ ስራሕ ዓለም ክሳብ ዝሃለና፣ ካብ ነቐፌታ ኩቶ ክንምልጥ ኣይንኽእልን ኢና። ይኹን እምበር፣ ኑቲ ሃናጺ ነቐፌታ ካብ እቲ ኣዕናዊ ነቐፌታ ናይ ምፍላይ ሓላፍነት ከም ዘለና ኩቶ ክንዝንግዖ ኣይግባእን።

ብመንገዲ ዕወት ስራሕካ ኣደቲሆ ሰባት ክትሰሕብ ክትጀምር እንከለኻ፣ ብእኡ ንበኡ ነቐፍቲ ዓይነቶም ከውድቑልካ ከም ዝጀምሩ ከም ርዱእ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ፣ ከም እቲ ሕልሚ ፈረሕካ ምድቃስ ዘይተቋርጽ፣ ነቐፌታ ፈሪሕካ እውን ካብ ምስራሕ ኣይተቋርጽን ኢኻ።

ኣብ ጽሬት ስራሕካ ልዑል እምነቶ እንተ ደኣ ሃልዩካ፣ ዋላ እቲ ኣዕናዊ ነቐፌታ ዝበሃል እዩ መሊሱ ዝስሕለካ። እቲ ምንታይሲ፣ ዋላ ንዕኦም ብመንገዲ ስራሕካ ጥራይ ኢኻ ኣብ ጌጋ መንገዲ ከም ዘለዉ ከም ዝኸሸሉ ክትጉብሮም እትኽእል።

ኣብ ህይወትካ ዝደለኻዮ ምርጫ ወሰድ፣ ፍተዎ ጽልኣዮ ካብ ነቐፌታ ኩቶ ኣይተምልጥን ኢኻ። እቶም ነቐፍትኻ ኣባላት ስድራ ቤትካ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብዓወትካ ዝቐንኡ ሰባት እውን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ናይ ቀረባ ሓለፍኻ፣ እቲ ዝሓየለ ነቓፊኻ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዓማዊል ስራሕካ እውን ዝበዝሐ ግዜ ዝነቕፉኻ እንተ ኾኑ ድማ፣ ኩቶ ክነርመካ የብሉን። እቲ ምንታይሲ፣ ስራሕካ ኣብ ምጽፋፍ እቲ ዝበለጸ ዕድል ክፈጥሩልካ ይኽእሉ እዮም።

ዝጠዘለ ሰብ ርእይቶ ንምሃብ ከም ሕሰም እዩ ዝህንደድ ዘሎ። ርእይቶ ምሃብ ካብ ብዮጉብሪ ምስራሕ ንላዕሊ ምሕር ዝቐለለ ስለ ዝኾነ፣ ወሃቢቲ ርእይቶ እንተ በዚሖም ዘደንጹ ክስተት ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ንሽኻ ጽፉፍ ስራሕ ከተበርክት እንከለኻ፣ ገለ ሰባት ብዘይቃል ዓለም ኣደናቖቶም ዝገልጹልካ ኣለው። ካብ ዓወትካ ንኽመሃሩ ድማ ዝኮኣሉም ክጉብሩ ይኽእሉ እዮም። ካልኦት ሓሳዊት ስለ ዝኾኑ፣ ካብ ዓወትካ ኣብ ክንዲ ዝመሃሩ ዘሎን ዘየሎን ሓይሎም ተጠቒሞም ናብ ምሕንኳልካ እዮም ዘዝተኩሩ። ንሳቶም ንሽኻ ክነቕፉ ስለ ዝኸኣሉ ጥራይ፣ ንድኽሙቶም ክሸፍኑ ዝጠቕዖ ኩይኑ እዩ ዝስምዖም።

ዕወታት ሰባት ንነቐፌታ ከም ምልክት ኣብ ስርሖም ጸቡቕ ከም ዘለዉ እዮም ዝርድእዎ። ሓያሎ መጸናዕቲታት ከም ዘረጋገጽዎ፣ እቶም ኣብ ዓለምና ብኣላ ስራሖም ኣብ ጥርዚ ዓወት ዝበጽሑ ሰባት፣ ዝኾነ ይኹን ነቐፌታ ደምበርጽ ኣየብሎምን እዩ።



“ምንቃፍካ ስለ ዘይተረፈኒ ኑቲ ብልብኻ ቅኑዕ ኩይኑ እተሰምዓካ ስርሓዮ። እቲ ምንታይሲ እንተ ሰሪሕካዮ ክትንቀፍ ኢኻ፣ እንተ ዘይሰሪሕካዮ እውን ክትንቀፍ ኢኻ።”
- **ኤሊያኖር ሩዝቨልት**

“ንሰባት ጌጋ ስለ ዝፈጸሙ ዘይኮኑ ካብ ናትና እተፈልየ ጌጋ ስለ ዝፈጸሙ፣ እንጸገሙ መንገዲ ነቐፌታ ይበሃል።” - **ኤድዋርድ ቻፕማን**

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

*04 መጋቢት 2015*
*08 ፡ 38 ድ.ቐ. – ኣስመራ*

## ናብ ምሉእ ዘቐረበት ሰብ

ከም ኣብ ውድቀትካ ምንባር ገይሩ ዘቑጥዓኒ ነገር የብለይን። ሓደ ሰብ ሓደ ነገር ፈቲኑ ምስ ፈሸለ፡ ኣኺሉዎ ብኣኣ ምኒን ክብል ክሰምዖ እንክለኹ ኣይጻወሮን'የ። ልክዕ'ዩ ሰብ ዓዓቕሙ'ዩ ዝገብር። ብውድቀትካ ምኒን ምባል፡ ኣብ ውድቀትካ ምንባር ግን ትሕቲ ናይ ዝኾነ ሰብ ዓቕሚ እዩ። "ዓቕሙ ንሳ ኩይና፡" ክትብሎ ፍጹም'ዩ ዘይከኣል። ኣነ ከምኡ'የ ዝኣምን። እዚ እምነት ፍጹም ጌጋ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ኣብ ጉዕዞ ህይወተይ ብዙሕ ደኣ ኣይኾን እምበር፡ ዕድለይን ኩነታት ከባቢየይን ዘፍቀዶ ኣፍደገታት እፍትነሉ እየ። ምስቲ ባህ ዝብለኒ ኣካይዳይ ዝቃዶ ኵሉ ብስስዐ እጓየየሉ። ኣብ ገለኡ እዕወት፡ ኣብ ገለኡ ከኣ እፈሽል። ውድቀተይ፡ ዋላ ደኣ ንሓጺር ግዜ ዘሕርቐኒ እንተኾነ፡ እናስሓቕኩ'የ ሓመደይ ዝነግፍ። እቲ ንኽመሃር፡ ንኽሰርሕ፡ ገንዘብ ንኽገብርን ክኸስብን ዝፍትኖ ፈተነታት፡ ምስ ዓቕመይን ክእለተይን ስለ ዝምርኩስ ናተይ ነገር ገይረ'የ ዝወስዶ። እቲ ገለኡ ልዕሊ ዓቕመይ ዝኾነ ንገራት እዩ። በዚ ጽቡቕ'ዩ ዝስምዓኒ። ስለምታይ ክንድኡ ዘይገበርኪ ኢለ'ውን ንነብሰይ ኣይወቕሳን። ዓቕማ ንሱ'ዩ ነብሰይ መዓረይ። ግና እዚ ዘሎዋ ዓቕሚ ገና ንእሽተይ ከም ዘሎ ግን ኣገንዝባ። እዚ ዝሓየለኒ ስራሕ ኣብ መስመር ሞያይ ዝርከብ እንተ ኩይኑ፡ ነብሰይ ከሰልጥን፡ ነብሰይ ከምህር፡ ነብሰይ ክእለት ከዕጥቓ ከም ዘሎኒ ኣእሚነ ክብገስ እፍትን። ሓደ ሓደ ግዜ ናተይ ሕመቕ ዘይኮነ፡ ብመንፍዓተይ ዘይቅይሮ ምኽንያታት ዘሎዎ ውድቀት እውን የጋጥመኒ። እዚ ከኣ "ሕመቐይ ኣይኮነን፡" ኢለ ኣብ ውሽጠይ ኣየእትዎን።

ከም ዝኾነ ሰብ ምሉእ ኣይኮንኩን። ናብ ምሉእቲ ዝቐረበት ሰብ ክኸውን ግን እጽዕር። ሓደ ሓደ ግዜ ብልክዕ ብሕመቐይ ዘጋጥመኒ ውድቀት ኣሎ። ስኣን ምስትውዓለይ ብሰንኪ ደቃቕ ምስትውዓል ዓነውነው ዝብለኒ ግዜ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣጋጣሚታት፡ ብልክዕ እሓርቕ'የ። ጌጋ ክርከበኒ የብለይን በሃላይ ኣይኮንኩን፣ ብፍላጥ ግን ክጋገ የብለይን። ምስናይ እኹል ዓቕመይ፡ ብሕመቐይን ብሸለልትነተይን ክወድቕ እንክለኹ፡ ካብ ሰብ ዘሎዎ ከባቢ ቀልጢፈ'የ ዝርሕቕ። እዚ ሕርቃን እንክለኒ ክዛነ ኣይመጽኣለይን እዩ። ኣብ ጽምው ዝበለ ቦታ ወይ ነዊሕ ዝርብሽ ዘይብሉ ጉዕዞ እግሪ ብምኻድ ምስ ነብሰይ እምዓት።

ነፍሲወከፍ ገምጋም ስርሐይ ኣብ ገጻት ዳየረይ ኣስፍሮ። ጸጸኒሐ ንድሕሪት ተመሊሰ ኣንብቦ'ሞ ጽቡቕ ይስምዓኒ። ዘይውጽእ ሓሳብ ሒዙ የሸግረኒ እንተ'ሎ ናብዛ ዳየረይ እየ ዝኸይድ። ናብኣ ይዕቈብ። ንሳ ከኣ ሕያወይቲ፡ እምንትን ሓቛፊትን ስለዝኾነት፡ "በዚ ንሃለት፡" ኢላ ኣይትነግረለይን። ከመይ ኢለ ዳየረይ ምንጪ ህድኣተይ ገይረያ ኣይርድኣንን። መሐለዊት ሚዛነይ ዳየረይ እያ። መደባት ዕማመይ ኣብ ገጻት ዳየረይ ኣስፊረ'የ ዝወፍር። ዝወዕልኩዎ ከኣ መጺአ ኣዋግዓ። ድሕሪ ዓወተይ ኩነ ውድቀተይ ልዝበይ ምስ ዳየረይ እዩ።


ሎሚ፡ ናይዚ ዓመት ዳየረይ ገንጺለ ኣንብባ ነበርኩ። እናንበብኩ ምስ መዛናይ ክወዳደር እቲ ጽሑፋተይ መሪሑኒ። ሕስብ ኣቢለ'ሞ፡ ካብ ዝፈልጦም መዛኖይ ዝኾኑ ሞያተኛታት፡ እታ ብዙሕ እትጋገ ኣነ ኩይነ ጸኒሐ። ብዘሎኒ ብቕዓትን ዓቕምን ጽቡቕ ፍናን'ዩ ነይሩኒ። ብዙሕ ጌጋ ንብዙሕ ሕመቐይ ምስክር ኣይኮነን። ነቲ ጌጋታተይ ሕልፍ ሕልፍ ኢለ ፈቲሸዮ፣ በበይኑን ዘይራኸብን'ዩ። ንሓደ ጌጋ ደጊመ ተጋግየዮ ከይከውን ፈቲሸዮ። ዛጊት ጽቡቕ ኣለኹ። ስለዚ፡ ብዝሒ ጌጋታተይ ብዝሒ ፍሽለተይ ኣይኮነን። ዋዒየይ መርሒኑ ዝ኿ሕኲሕኩዎ ብዙሕ ኣፍደገታት ከም ዝነበረ እዩ ኣርእዩኒ። "ብዙሕ ውጥም ቅልቅል … ቅልል፡" ይብል ጃምቢሉ፡ ዘቕልለኒ ውጥም ቅልቅል ከይከውን ግን ቍሩብሲ እሰክፍ።

**ምልእተ ተሰፋይ**

## "ኣይትተሓባኣኒ"

*04 ሰነ 2010*

*6፥15 ድ.ቐ. - ባጽዕ*



ኣይተሕስበኒ
በጃኻ ኣይትመላለሰኒ፣
ኣይተላምደኒ
ግደፍ ኣይተህርረኒ፣
ኣይተጻወትኒ
ተሎ ኣይትቕረበኒ፣
ኣይትርሓቕኒ
ሻቡ ኣይተናፍቐኒ፣
ኣይትተሓባኣኒ
ሕጂ ንመን ክትህበኒ፧
***

**ሜሪ ማና**

## "ፈታኒ ዕጫ"

*10 ሓምለ 2025*



ዓራቒ ኣብ ዘይብሉ ንሳ ምስ ነብሳ ኵሉ ግዜ'ያ ትብኣስ። ህድኣታ፡ ትዕግስታ፡ ስቕታኣ፡ ንኹሉ እቲ ኣብ ውሽጣ ዝከራፈስ ዝተፈላለየ ሓሳባታ'ውን፡ በቲ ዘይጽንቀቕ ዓቕላ የዒቒላቶ። ንደገኣ ከተንጽባርቖ ሓሲባቶ ኣይትፈልጥን'ያ። ፈጣሪ ብባህሪኣ ትሕቲ ዝፈጠራ ስድራኣ ዘውጽኡላ ስም ጉስየ፡ "ረዛን፡" በልኩዋ።

ረዛን፡ ዓይኒ ኣባያ ይደፈን፡ ጸላኢ የብላን። ጽልኣት ግን ኣሎዋ፣ ናይቲ ክትነብሮ ድያ ዋላስ ከተላግሰሉ ወትሩ ብጸሎታ እትትስፈዎ ህይወት። እቲ ብኣካላ ክትነብሮ ኣይኮነን ብማዕዶ ርእያቶ'ውን ዘስካሕክሓ ምስሊ። ብዘይ ምርጫኣ፡ ዕጫኣ ጉሲሱ ብሓይሊ፡ "ፈቲኺ ጸሊእኪ ናተይ ኢኺ፣ ምንቕ ትብሊ ወይለኺ!" ኢሉ ካብ መዛኑኣ ኣትሪፉዋ። ንበይና ኣብ በይና ቃልሲ ጀሚራ፡ ስምዒታታ፡ ባህግታታ፡ ዊንታኣ፡ መጻኢኣ ናይ ገዛእ ዕጫኣ እምበር ናታ ከም ዘይኮነ ይስኣላ'ሞ ትሽቍረር። እቲ ወናኒ ገዛእ ነብሳ ትእዛዛቱ ኣኽቢራ፡ ስምዕታኣ ክንጸግ፡ ድላዩ እናኾነ ድላያ ክንፈግ ብዓይኒ ሕልናኣ ሕልፍ ምስ በለ፡ ውሽጣ ንዘይምልማዱ ክጋደል፡ "ቱፍ፡ ቱፍ" በልዮ ረዛን እናበለ ብኣንጻር ሸነኽ ደላይ ሰናያ ኣብ ጉድና ኩይኑ የጽናንዓ።

"ሓሳብ ልብኺ የስምረልኪ፡" ነይሩ ምርቓ ወለዳ፣ ሕጂ ግን "ዘይሓሰብካዮ ርኸብ፡" ኩይኑዋ። ረዛን፡ መሓዙታ እቶም ኣብ ውሽጣ ዘዕገርግሩ ገጸ ባህርያታ እዮም። እተን መሓዙተይ ትብለን መሳርሕታ ከምኣ ዕጫኣን ዘልዓላ ስለዝኾና ብዙሕ ኣይትቐርበንን እያ። ለውጢ ዘምጽኣላ ኩይነን ኣይስምዓኣን እየን። "ኣነ ኣነ'የ፡ ንስን ንስን'የን፡" ዝብል ርድኢት ዘሎዋ እያ ትመስል። ብሕታውነት ኣዚያ'ያ ትፈቱ። መጻኢኣ በዚ ዘጋጠማ ዕጫኣ ከይውሰን ክቱር ፍርሒ'ዩ ምስ ገዛእ ነብሳ ዘባእሳ። ኣቦኣ ንኣኣ ከዕቢ ዝሓለፎ ገድሊ ህይወት እናኽርኣያ፡ ኣብኣ ከይድገም፡ ብዓቕማ ክትክሕሶ ትትልም'ሞ፡ በየናይ ኣእጋር ኣሰጋገር ኩይኑዋ ምርጫኣን ዕጫኣን ክልተ ዘይራኸብ ጫፋት ኩና።

ኣንፈታ ኣብቲ ክትማጣላዓሉ እምበር፡ ዘይትድቅሶ ንእዲ ኣንፈት ጸሓይ ብራቕ ኮፍ ኢላ፡ ጸሓይ ሓድሽ ሒዛትላ እንተ መጸአት ከም ጋሻ ተፋኑ ናብኣ ክትጥምት ትውዕል እሞ፡ ብሰላሕታ ምስ ሓለፈታ ተስፋ ከም ዝሳኣነት ክሳዳ ኣድኒና ገጻ ኣብ መንጎ ኣስላፉ ቀርቂራ ጸንሓትኒ። "ረዛን፡" በልኩዋ ናይ ውሽጣ ኣብ ውሽጣ ደጒላ ሰላም ክትብለኒ ብድድ በለት።

ድሕሪ ሰላምታ፡ እቲ ምልዖ ዝመስል ጽባቐ ገጻ፡ ነድሪ ውሽጣዊ እህህታኣ፡ "ንስኺ እንተ ዘይነገርክለይ ባዕለይ ዘየፈዳሓኪ፡" ኢሉ ማዳ ኣብ ገጻ ኣሳፊሑ ተኾይጡ ርኣኹዎ። ወትሩ ኣብ ጉድና ሃልየ ጽልኣታ ክኣሊ ሕልናይ ጉስጉሰኒ። ፈታኒ ዕጫኣ፡ ናብ ምርጫኣ ዘቕየርሉ መንገዲ ሃሰው በልኩ።

***

ኣብ ኣፍደገ ገዛይ ቅልቅል ምስ በልኩ፡ ረዛን ሕቑኣ ሂባትኒ ክትከይድ ርኣኹዋ። ረጊጻትኒ ከም ዘይትኸይድ እፈልጥ'የ። ተሰኪፋ፡ ኣዕለቢጣ፡ ዝጽዋዓላ ሰብ ስኢና ክትብገስ ከላ'የ ኣርኪበላ። ዓው ኢለ ጸዊዐያ። ብቕጽበት ግልብጥ ኢላ፡ ከም ኣደኡ ዝጠፍኣቶ ህጻን ምስ ረኸባ ዝሕጉሶ ሓጉስ ቅልጣፈ ሓዊሳ ኣብ ሕቝፎይ ተለጠፈት። ነገራቱ ደንጽዩኒ። ክንራኸብ ኢና ቀኒና፣ እንታይ ሓድሽ ተረኺቡ ድንግርግር በለኒ። ካብ ሕቝፎይ ምስ ተላቐቐት፡ ኣብ ገጻ ዝርኣኹዎ ፍሽኽታ ነቲ እኩብ ጓሂ ውሽጣ ቀቲሉ ዝሳዓረ ኩይኑ ተራእየኒ። ቅድሚኡ ከምኡ ኩይና ርእየያ ኣይፈልጥን እየ። ግን ጠርጢረ፣ እታ ብኹርምይታ ጸሓይ መምስ ወጽአት ሓድሽ ሒዛትላ ክትመጽእ እትቋምቶ፡ ብዕጫኣ ከይትርታዕ ወትሩ ከም ሕልሚ ለይቲ ዝጕዩ፡ ካብኡ ክትሃድም እትብሎ ናይ ሓሳብ ውረድ ደይብ ዘሕለፈቶ ህይወት ብተስፋ ንኽትሰግር፡ ነቲ ዘይጽንቀቕ ዓቕላ ንትዕግስታን መንፈሳን ከይግድዓ ቀጻሊ እተዘውትሮ ጸሎት፡ … ኵሉ ተራእዩኒ። "እንታይ ሓድሽ ነገር ተረኺቡ ደኣ ሎሚ ዘይከም ቀደምኪ ፍስህስህ ኢልኪ፡" በልኩዋ ዓይኒ ዓይና እናጠመትኩ። ሕልማ ጋህዲ ከም ዝኾነ ነገረትኒ። ኣዝየ ተሓጒስኩ ከም ብሓድሽ ሓቚፍኩዋ።

ለካ ዕጫና'ውን ብዘይ ምርጫና ስለ ዝመጽእ፡ ዕጭ እንተ ኢልካዮን እንተ ሓንጊድካዮን፣ ሕሉፍካ፡ ህልውኵነተ ኣእምሮኻን ብመንፈስካ ናይ ዘይተሳዓርነት ድልውነትካን ከይድንድነካ ትብዓትካ እንተ ኣርኢኻዮ፡ ንግዜኡ ይተሃላለኸካ እሞ፡ ግዝኣቱ ምኻን ምስ ኣበኻዮ ምሉቕ ኢሉ'ባ ይጠፍእ'ዩ። ረዛን ንዕጫ 'ዕድለይ እዩ' ኢላ ኣይቀሰነትን፣ ኣይደቀሰትን፣ ምርጫኣ እትረኽበሉ መገዲ፡ ኣብ ውሽጣ ብዘዕገርግረ'ሞ እናተባእሰ ድቃስ ዝኸልኣ ንእኡ መልሲ ክትረኽበሉ ነብሳ ኣሕሲማ፡ ሸቶኣ ሃሪማ። እቲ ትማሊ ዝተሳቐየቶ ንገዛእ ርእሳ ዘወጽዓቶ ንውሓት ግዜ ብዘየገድስ፡ 'ክኽእሎ'የ፡' ኢላ ክኢላቶ። እንሆ ከኣ ሎሚ ዋንጫ ምርጫኣ ዓትዒታ ኵሎም ህዋሳታ እናደበሉ ደስ ተብል ጓል ሄዋን ኩይና ኣላ።

ረዛን በቲ ህይወት ዝቐረበትላ ሚዛን፡ ኵሉ ኣማሊኣ፡ ምልኣታ ረኺባ። ካብ ጉድና ዘይምፍላየይ ባህታ ተሰምዓኒ። ደስታኣ ምርኻባ ዝያዳኣ ደስታ ተሰምዓኒ። ፈታኒ ዕጫኣ'ኳ ተፈቲና ዝሓለፈቶ፡ ኣብ ምርጫኣ ከም ድላያ ኩይና ንህይወት ከም ኵዕሶ ቴንስ ፈኲስ ከም እትኾነላ ኣእሚናትኒ። ሓሳብ ልባ ብምስማሩ ሰናይ ትምኒተይ ገሊጸ ተፋነኹዋ።

**ምሕረቱ ማሪቆስ**
**ጎ/ሓ/ክ/ሰ 69 - ባረንቱ**

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ፖጋቻ ዕዉት ዓስራይ መድረኽ ዙር ፈረንሳ ኮይኑ

ዓስራይ መድረኽ ዙር ፈረንሳ ትማሊ ሰሉስ ብናይ ኻዕ ውድድራት ንጥፈታቱ ኣሰላሲሉ ወዒሉ፡፡ ተጻወትቲ ሰኑይ ኣዕረፎም ድሕሪ ምውዓል እየም፣ ናብዚ ሸውዓተ ዝሕኵራ ዓቐብት ዝሓዘት ውድድር ኣትዮም፡፡

እዛ መድረኽ ከምተን ዝሓለፋ መድረኻት ኑየም ኣብ ምሕኻር ልዑል ብቕዓትን ወነን ዝበርም ከም ብዓል ፖጋቻን ቪንገጋርድን ዝኣመሰሉ ተቐዳደምቲ ተርብሕ ብምንባራ፡ ኣብ ናይ ግዜን ኣንበሳ ዓቐብን ለውጢ ከተምጽእ ትጽበት ተገይሩላ እያ ፈሊማ፡፡ ኣብዛ መድረኽ፡ ፖጋቻ ኣብ ብጫ ማልያ ኑቲ ናይ 242 ደቒቕ ጋግ ኣንጺፉሉ ዝበረ ቪንገጋርድ ሰዒሩ መበል 24 ናይ መድረኽ ዓወት ዙር ፈረንሳ ክትከውን ድማ ልዑል ግምት ተዋሂብዋ፡፡ እዚ ግና ከም ብዓል ካራፓዝ፡ ኣናሮን ፒደኮክን ሃዲሞም ወዓሎም ምስ ዘይዕወቱ እዩ ነይሩ፡፡ ይኹን እምበር ፖጋቻ ከም ግምት ብዙሓት ዕወት ናይታ መድረኽ ኮይኑ፡፡

ንናይ ሽዱ ተቐዳደምቲ እተርብሕ ኻዕ ዓቐብት ከይበጽሕካ ኣብ ከባቢ 25 ኪሎ ሜተር እያ ናይ ኢንተርሚደይት ሕንጻጽ ተሰሪዓትሎም፡፡ እዛ ሕንጻጽ ኣብ ቀጠልያ ማልያ ለውጢ ከተምጽእ ዝለዓለ ተኽእሎ ዝበራ ብምንባራ ብኣግኡ ኣቓልቦ ክትስሕብ ክኢላ፡፡ ይኹን እምበር እቲ ንቐጠልያ ማልያ ለቢሱ ናብዛ መድረኽ ዝኣተወ ፒደርሰን ዝኾነ ኣይነበረን፡፡ ኣብቲ ዝተደዶ ቅጽቡታዊ ውድድር ድማ ቀዳማይ ብምእታው 25 ነጥቢ ረኺቡ፡፡ ካንተር ማክስ 20፡ በኒያም ግርማይ 16፡ ጃስፐር ፍሊፕሰን ድማ 14 ነጥቢ ብምርካብ ክሳብ ራብዓይ ተርታ ሒዞም፡፡ በዚ ማሰረት ብወሀሉል ነጥቢ ዝመርሕ ዘሎ ፒደርሰን ምስ ቢንያም ግርማይ ዝበሮ ፍልልይ ናብ 54 ክብ ኢሉ ደርኩቡ፡፡

ናብ ላ ሊያራን ንምብጻሕ ዝተደደ ዝበረ ጉዕዞ እናተዛዘመ ኣብ ዝኸደሉ ዝበረ እዋን፡ ታዳይ ፖጋቻ ኑየም መራሒሞ ዝበሩ ተቐዳደምቲ ኣርኪቡ ናይ 32 ካልኢት ፍልልይ ብምንጻፍ ብዚይ ተቓጺጺ ብ3 ሰዓት 58 ደቒቕን 08 ካልኢትን ዕወት ዓስራይ መድረኽ ዙር ፈረንሳ ምኻኑ ኣረጋጊጹ፡፡ በኒያም ግርማይ ኣብዛ መድረኽ መበል 165 ተርታ ሒዙ ውድድሩ ዛዚሙ ኣሎ፡፡

በዚ ናይ ትማሊ ውጺኢት ኣብ ብጫ ናይ ግዜ ይኹን ኣብ ቀጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያ ዝመጸ ለውጢ የለን፡፡ ታደይ ፖጋቻ ኣብ ብጫን ኣንበሳ ዓቐብን ክብሩ ክዕቅብ እንከሎ፡ ቪንገጋርድ ብ3፡36 ኢቨነፑል ድማ ብ4፡06 ግዜ ድሒሮም እግሪ እግሩ ይስዕቡ፡፡

ብተመሳሳሊ ኣብ ቀጠልያ ማልያ ፒደርሰን 293፡ ቢንያም 239፡ መርሊር 213፡ ፍሊፕሰን ድማ 205 ነጥቢ ብምውህላል ይመርሑ፡፡

ንብሉጽ መንእሰይ ትወሃብ ማልያ ድማ፡ ጁፖን ኣዩሶ ካብ ኢሳቕ ደል ተሮ ተረኪብዋ ኣሎ፡፡ ፓውል ሰክሰሰን ደል ተሮን ድማ ይስዕብዎ፡፡

ሎሚ ረቡዕ ኣብ መበል ዓሰርተ ሓደ ዙር ፈረንሳ፡ ካብ ኒቼ ተበጊሱ ኣብ ነቨርስ ዝዛዘም 161.3 ኪሎ ሜተር ዝርሕቀቱ ናይ ጎልጎል ውድድር ተሰሪዑ ኣሎ፡፡




## ኣኽርያ ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኮይና

ቀዳም 11 ሓምለ መዛዘሚ ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብውዕዉዕ መንፈስ ተዛዚሙ፡፡ ኣኽርያ ድማ ሻምፕዮን ኮይና፡፡

ፈለማ ደንደን 'ቢ' ምስ ጎዳይፍ ንደረጃ ተራኺበን፡፡

ዝተመደበለን 90 ደቒቕ ብዘይ ሸቶ ድሕሪ ምዝዛሙ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐን፡፡

ደንደን 'ቢ' ንጎዳይፍ 4ብ3 ብምስዓር፡ ሳልሳይ ደረጃ ኣውሒሳ፡፡

ኣንሰር ቁስመላህ ካብ ደንደን ድማ ብሉጽ ተጻወታይ ናይ 'ዚ ግጥም ተባሂሉ፡፡

ቀጺለን ኣኽርያን ኩባንያ ህንጻ ሳዋን ንዋንጫ ገጢመን፡፡ እዘን ጋንታታት ኑተን ኣብ ምድብን ዝበራ ጋንታታት በለጸን እየን ናብ ፍጻመ በጺሐን፡፡ ክልቲአን ተመጣጣኒ ብቕዓት ነይሩወን፡፡ ጸወታ ምስ ፈለመ ኣኽርያ ኣብ 12 ደቒቕ ብመጉዲ ናህም ተሰፋጋብር ብዘረኸበታ ሸቶ መሪሕነት ሒዛ፡፡ ኣይጸንሐትን ኣብ መበል 31 ደቒቕ ካብ ኣማን ትርፈ ሸቶ ብምድጋም ንጸወታ 2ብ0 ክትቅልሶ ተረኺያት፡፡ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ መሳርያም ብምድልዳል ቀዳማይ እብረ ኣብ ምዝዛሙ ብመንገዲ ሮቤል ሃብተማርያም ሸቶ ኣመዝጊባም፣ ጸወታ ድማ ናብ ዕረፍቲ 2ብ1 ኣምሪሑ፡፡

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣኽርያ መሪሕነታ ንምዕቃብ፡ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ድማ ንምምዕርራይ ኣብ ሓያል ቅልስ ተጸሚዱ፡፡ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ሰሊጡዋ ኣብ 82 ደቒቕ ዐሶማን ሓደራ ብዘመዝገቦ ሸቶ ምስ ኣኽርያ 2ብ2 ተመዓራረያት፡፡

ድሕሪዛ ሸቶ ክልቲአን ጋንታታት መሪሕነት ንምሓዝ ኣብ ከቢድ ጥምጥም ኣተዋ፡፡ ብሓፈሻ ኣብዚ ውድድር ከይተሳዕረት ናብ ፍጻመ ዝበጽሐት ኣኽርያ ዋንጫ ርእያ ከይትሰእና ዝሰግአት መሰለት፡፡ እንተ ኾነ ኣብ መውዳእታ ብዝተደደቶ ጻዕሪ ኣብ መበል 89 ደቒቕ ብመንገዲ የናታን ሚካኤል ሸቶ ብምምዝጋብ ንጸወታ 3ብ2 ዛዚሙቶ፡፡ በዚ ውጽኢት ኣቢላ ድማ ሻምፕዮን ካልኣይ ድቪዥን ምኻና ኣረጋጊጻት፡፡ ተጻዋታያ ኣማን ትርፈ ድማ ብሉጽ ተጻወታይ ተባሂሉ፡፡

ኣኽርያ፡ ሻምፕዮን ካልኣይ ድቪዥን 2025/2026 ብምኻን ዓባይ ዋንጫ፡ 30 ወርቂ መዳልያን 60 ሽሕ ናቕፋን ካልኣይቲ ዝወጸት ኩባንያ ህንጻ ሳዋ፡ 30 ብሩር መዳልያን 40 ሽሕ ናቕፋን ከምኡ'ውን ሳልሳይቲ ዝወጸት 30 ኑሓሲ መዳልያን 30 ሽሕ ናቕፋን ተሸሊመን፡፡

ንጉዳዊ ባንኪ ኤርትራ ድማ ብጠባይ ምስጉንቲ ጋንታ ተባሂላ ዋንጫ ክትዓትር እንከላ፡ ኣብዚ ውድድር 18 ሸቶታት ዘመዝገበ ተጻዋታይ ኤርሚያስ ቴድሮስ ካብ ፓራዳዝ ድማ ብሉጽ ኣመዝጋቢ ተባሂሉ ተሸሊሙ፡፡



## ኩባንያ ሓራት 'እቲ ርሑቕ ቀረባ ምኻኑ' ብግብሪ ኣረጋጊጻ



ብምኽንያት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጸላል ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ተወዲቡ ንኣስታት ክልተ ወርሒ ዝተኻየደ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ትካላት መንግስትን ሚኒስትራታትን ቀዳም 11 ሓምለ ኣብ ንእሽተይ ቸቸሮ ውድድራቱ ዛዚሙ፡፡

ኣብቲ መጻልቲ ሳልሳይ ደረጃ ንምሓዝ ሓይሊ ኤለክትሪክን ኤሪተልን እየን ናብ ሜዳ ወሪደን፡፡ ቀዳማይ እብረ ብዘይ ዕረፍቲ ዝዛዘመአ እዘን ጋንታታት፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ግና ሓይሊ ኤለክትሪክ ካብ ተቐይሩ ዝኣተወ ተጻዋታያ ርኢ ተፈሪ ኣብ መበል 91 ደቒቕ ሸቶ ብምርካብ 1ብ0 ተዓዊታ፡፡

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ግጥም ንፍጻመ ኣብ ዝተጉበረ ጸወታ ድማ እተን ብልዑል ሞራል ደገፍተን ማማቒዶን ናብ ሜዳ ዝኣተዋ ኩባንያ ሓራትን ኩባንያ ህንጻ ባድመን እየን ነይረን፡፡ ጋንታ ኩባንያ ሓራት ተመክሮ ናይዚ ጸወታ ከም ዘለዋ ንምምስካር ንሸቶ ክኸና ዝኸእላ ዝበራ ብሉጻት ዕድላት ክተጣቕመን ተረኺያት፡፡ ኩባንያ ህንጻ ባድመ'ውን ሰናፍ ኣይነበረትን ብዮዳኣ ግብረ መልሲ ካብ ምሃብ ኣይተጸገመትን፡፡

ጸወታ ብኸምዚ እናቐጸለ እንከሎ፡ ተጻወታይ ኩ/ሓራት ናኤብ ማና ትኳኣድ ሸቶ ኣብ መበል 30 ደቒቕ ብምምዝጋብ ንጋንታኡ መሪሕነት ኣትሓዘ፡፡ በዚ ከይተዓወሉ ጸወታኦም ዘካይዱ ዝበሩ ተጻወትቲ ባድመ ከም ግብረ መልሲ ናይታ ዝተመዝገበቶም ሸቶ፡ ኣብ መበል 34 ደቒቕ ብመንገዲ ሚካኤል ጉብረመስቀል ሸቶ ብምርካቦም ንጸወታ 1ብ1 ኣመዓራርዮም ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሖም፡፡፡

ኣብቲ ብዕብለላ ኩ/ህ/ባድመ ዝቐጸለ ጸወታ ካልኣይ እብረ ግና ኩ/ሓራት እያ ተኸስበላ ተረኺያም፡፡ ተቐይሩ ዝኣተወ ኣጥቃዓይ ኩባንያ ሓራት ኣማኑኤል ምስየና ኣብ መበል 81 ደቒቕ ሸቶ ብምምዝጋቡ፡ ንጋንታኡ ናብ ሓዳድ ዓወት ኣሰጊሩዋ፡፡ ድሕሪ'ዚ ዝተመዝገበ ሸቶ ስለ ዘይነበረ ብዓወት ኩ/ሓራት 2ብ1 ተዛዚሙ፡፡ ተጻዋታያ ናኤብ ማና ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ፡፡ በዚ ማሰረት ሓራት ናይ ዘይተሰዓርት ጉዕዞኣ 100 ሚእታዊት ኣውሒሳ ዓባይ ዋንጫ ክትዓትር ክኢላ፡፡

ተጻዋታይ ኩ/ህንጻ ባድመ ሃብል መድሃኔ ዝበዝሐ ኣመዝጋቢ ሸቶ ተባሂሉ ተሸሊሙ፡፡ እቲ14 ጋንታታት ሓቝፉ ኣብ ክልተ ምድብ ክሳሰል ዝወርሐ ጸወታ ድማ መጋረጃኡ ብወግዒ ከም ዝዘዘመ ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ፡፡

## ደሃይ ዙር ማግኒፈሰንት ቻይና

ሸሞንተ ዙርያታት ሓቝፉ ዝካሳሰል ዘሎ ዙር ማግኒፈሰንት ሺንግሃይ ቻይና፡ ትማሊ ሰሉስ ብናይ ራብዓይ መድረኽ ውድድራት ኣሰላሲሉ ነይሩ፡፡ እታ ኽቦታት ዝበዙሓ መድረኽ ካብ ኹጁ ተበጊሳ ኣብ ጉይደ እትዛዘም 195.7 ኪሎ ሜተር ዝሸፈንት እያ ነይራ፡፡




ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ቀዳማይ ዝወጸ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ሄኖክ ምሉእብርሃን ካብ ክሉብ ኣስታና ድማ ኣብዛ መድረኽ ጸቡቕ ብቕዓት ብምምዝጋብ ደረጃኡ ከመሓይሽ ትጽበት ዝተጉበረላ እያ ነይራ፡፡ ሄኖክ ኣብዛ ውድድር ካብ ዕወት ናይዛ መድረኽ ኣምባ ሳንቲዮን 20 ካልኢት ድሒሩ መበል ታሸዓይ ተርታ ሒዙ ውድድሩ ዛዚሙ፡፡ በዚ ማሰረት ኣብ ብጫ ማልያ ኣብዚ ውድድር ካልኣይ ኮይኑ ክስዕብ ዝጸንሐ ሄኖክ 12 ካልኢት ተፈንቲቱ ኣብ ሳልሳይ ተርታ ደርኪቡ፡ ኣብ ቀጠልያ ማልያ ኣለክሳንደር ሳልቢ ብ32 ነጥቢ ክመርሕ እንከሎ፡ ሄኖክ ድማ 21 ነጥቢ ብምውህላል ሻውዓይ ተርታ ተሰሪዑ፡፡ ሓሙሻይቲ መድረኽ ዙር ማግኒፈሰንት ሎሚ 15 ሓምለ ካብ ጉይደ ተበጊሳ ኣብ ጉይንገ ትዛዘም ኽቦታት ዝበዙሓ 135 ኪሎ ሜተር ክትሸፍን እያ፡፡

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም

እንግሊዝ - ኣርጀንቲና 10፡00 ድ.ቀ

### እንታይከ ይበሃል ኣሎ

- ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ዒዲ እንግሊዝ ኣርሰናል፡ ንወዲ 26 ዓመት ኣጥቃዓይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣርጀንቲናዊ ጁሊያን ኣልቫረዝ ንምፍራም ፈተነታት ተካይድ ምህላዋ ጋዜጣ ኢንደፐንደንት ገሊጹ፡፡

- ኣስቶንቪላ ኑቲ ናብ ኒው ካስትል ክጽንበር እዩ እናተባህለ ክውረየሉ ዝጸንሐ ወዲ 20 ዓመት ኣከፋፋሊ ፍራይብርግን ስዊዘርላንዳዊ የሃን ማንዙምቢ ናብ መሳርዓ ንምእታው ኣብርቲዓ ትሰርሕ ኣላ፡፡ ዘ ኣትሌቲክ

- ወዲ 57 ዓመት ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ሲቲ ነበር ፔፕ ጓርድዮላ፡ ምክትል ቴክኒካዊ ዳይረክተር ኢጣልያ ፓውሎ ማልዲኒ ኮይኑ ክሰርሕ ኣብ ዝርዝር ሕጹያት ከም ዝኣተወ ይጋዋሕ ኣሎ፡፡ ጋዜጣ ደሎ ስፖርት፡፡

- ዓባይ ጀርመናዊት ክሉብ ባየር ሙኒክ ንወዲ 32 ዓመት እንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ሃሪ ኬን፡ ሓድሽ ውዕል ክትቅርበሉ ከም ትኽእል ይንገር ኣሎ፡፡ ከይን ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ወቕቲ ብዘርኣዮ ብቕዓት መስሕብ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ኮይኑ ብምህላዉ፡ ብኸም ብዓል ሪያል ማድሪድ ዝኣመሰላ ክለባት ይህደን ምህላዉ ይፍለጥ፡፡ ቲም ቶክ

- ቦሩሽያ ዶርትመንድ ንወዲ 22 ዓመት ኣጥቃዓይ ኣልቫሮ ሮድሪገዝ ካብ ስጳኛዊት ክሉብ ኤልቼ ብ25.7 ሚልዮን ፓውንድ ክሳብ 2031 ዝጸንሕ ውዕል ከምዝፈረመቶ ኣፍሊጣ፡ ሮድሪገዝ ምስዛ እንግሊዛዊት ክሉብ ንሓሙሽተ ዓመት ዝጸንሖ ውዕል እዩ ፈሪሙ፡፡ በዚ መንገዲ ድማ ኣብ ሊግ ኤውሮፓ ንመስመር ምጥቃዕ ናይዛ ክሉብ ድርዒ ክኾኖ ትጽበት ተገይሩሉ ኣሎ፡፡

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኢራን፡ ንክልተ መራኽብ ነዳዲ ኢማራት ሃሪማ



ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ንኻልኣይ ተኸታታሊ ለይቲ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፈጸመትሉ እዋን፡ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ንኽልተ መራኽብ ነዳዲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ከም ዝሃረመ ገሊጹ።

ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ነቲ መጥቃዕቲ 'ደፍረት' ኢላ ብምጽዋዕ፡ ሓደ ህንዳዊ ሰራሕተኛ ከም ዝሞተን ካልኦት ሸሞንተ ደማ ከም ዝቖሰሉን ሓቢራ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ኣብ የርዳኖስን ባሕሬንን ንዝርከባ ትካላት ኣመሪካ'ውን ኣብ ሓደ ለይቲ ዒላማ ከም ዝገበረን ኣረጋጊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሰራዊት ኣመሪካ፡ ኢራን ንግዳውያን መራኽብ ናይ ምጥቃዕ ዓቕማ ንምድኻም ዝዓለመ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ኣገደስቲ ዒላማታት ናይ'ታ ሃገር ከም ዘቖደ ኣረዲኡ።

ከም ሳዕቤን ናይቲ ዝቐጸለ ዘሎ ምጥቕቃዕ፡ ዋጋ ዘይተጻረየ ነዳዲ ንሓደ በርሚል ብ1.9 ሚእታዊት ማለት ብ 84.87 ዶላር ክውሰኽ እንከሎ፡ ኣብ ኣመሪካ ዝሽየጥ ነዳዲ ድማ ናይ 2 ሚእታዊት ወሰኽ ኣርእዩ ኣሎ።

እዚ ወሰኽ ዋጋ ነዳዲ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣመሪካ ኣብ ወደባት ኢራን ክትገብሮ ዝጸንሐት ዕጽዋ ዳግማይ ክትቕጽሎ'ኳ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ዝሰላኽ ጽዕነት ድማ ናይ 20 ሚእታዊት ክፍሊት ክትሰልዕን ምኻና ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

ብኻልእ መዳይ፡ ኣብ የርዳኖስ ዝርከብ መደበር ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ትማሊ ሰለስ ብባለስቲካዊ ሚሳይላት ኢራን ዒላማ ከም ዝኾነ ዝገለጸ እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ የርዳኖሳውያን ኣብ ሃገሮም ንዝርከቡ መደበራት ኣመሪካ ክእግዱ ጸዊዑ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብኣገልግሎት ዜና ፋርስ ኣቢሉ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ምስ ሃገርኩም ዝኾነ ቅርሕንቲ ከም ዘይብልና ኣጸቢቕኩም ትፈልጡ ኢኹም፡" ክብል፡ እቲ መጥቃዕቲ ንመደበር ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ጥራይ ዒላማ ዝገበረ ምኻኑ ኣጺሩ።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ኮንጎ ዝጸንሑ ዜጋታታ ከይኣትዉዋ ትኽልክል



ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኣብ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ዝርከቡ ኣመሪካውያን ዜጋታት ብቐጥታ ብንግዳዊ በረራታት ናብ ኣመሪካ ከይኣትዉ ይኽልክል ከም ዘሎ፡ ሓደ ብዓል ስልጣን ቤት ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ገሊጹ።

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ብመሰረት እቲ ብ 'ሲያመ 49' ዝፍለጥ ናይ መጉዓዝያ ትእዛዝ ሃገሩ፡ ኣብ ኮንጎ ዝርከቡ ዜጋታት ኣመሪካ እንተ ውሓደ 21 መዓልታት ኣብ ሳልሲይቲ ሃገር ክጸንሑ ከድልዮም ኣብ ዝርዝር ናብ ኣሜሪካ ክኣትዉ ዘይፍቀደሎም ውልቀ ሰባት የስፍሮም ከም ዘሎ፡ እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ ሓቢሩ።

እዚ ሓድሽ እገዳታት፡ ለበዳ ኢቦላ ኣብ ኮንጎ ናብ ሓያሎ ኣውራጃታት ኣብ ዝስፋሕፍሓሉ ዘሎ እዋን እዩ ዝመሓላለፍ ዘሎ።

ኣብ መላእ ኮንጎ ቁጽሪ ብሕማም ኢቦላ ዝተለኽፉ ሰባት ልዕሊ 1900 ከም ዝበጽሐን፡ ቍጽሪ ሞት ድማ ናብ ልዕሊ 700 ከም ዝዓበየን ወግዓዊ መረዳእታ ናይ'ታ ሃገር የመልክት።

ሕማም ኢቦላ፡ ካብ ዝተለኽፉ ሰባት ወይ እንስሳታት ብዝወጽእ ፈሳሲ ኣቢሉ ዝላባዕ ኮይኑ፡ ልዑል ሰዓል፡ ተምላስ፡ ውሽጣውን ደጋውን ምፍሳስ ደም ዝጠቓለለ ምልክታት የስዕብ።

## ሃገራት ኤውሮጳ፡ ጥምረት ጸረ ባለስቲካዊ ሚሳይል ኣቑመን



ኤውሮጳ፡ ኣንጻር ስግኣት ባለስቲካዊ ሚሳይላት ኣብ ትቃለሰሉ ዘላ እዋን፡ ትማሊ ሰሉይ ዩክሬን እትርከበን ትሸዓተ ሃገራት ናይቲ ኣህጉር፡ ኣንጻር ባለስቲካዊ ሚሳይል ዝቃለስ ጥምረት ከም ዘቖማ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኤማኑኤል ማክሮን ኣብ ዘውጸኦ ሓብራዊ ኣዋጅ፡ መራሕቲ ዴንማርክ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ኢጣልያ፡ ሆላንድ፡ ኖርወይ፡ ስጳኛ፡ ሽወደን፡ ብሪጣንያን ዩክሬንን ምክልኻል ዝዕላማኡ ጥምረት ጸረ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከም ዝፈጠሩ ገሊጹ።

ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ ከምዚ ዓይነት ኣጽዋር ዘስዕቦ ስግኣት እናዓበየ ብምምጽኡ፡ ዓቕሚ ምክልኻል ኤውሮጳ እናዓበየ ክኸይድ ኣገዳሲ ምኻኑ ኣስሚሩሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንሃገራት ኤውሮጳ ንምክልኻል፡ ክመጽእ ንዝኽእል ስግኣታት መጥቃዕቲ ሚሳይላት ንምዕጋትን ንምምካትን ዝተዋደደ ስርዓት ምክልኻል ሚሳይል ከም ዘድሊ፡ እቲ ኣዋጅ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ማክሮን ትማሊ ሰሉይ ኣብ ፓሪስ ንመራሕቲ ናይ'ቲ ዝቖመ ጥምረት ብምእንጋድ፡ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ዩክሬን ብፍላይ ድማ መከላኸሊ ኣየራ ንምሕያል ከም ዝዘተዩ ይፍለጥ።

## "ኣመሪካ ሸፍታ ባሕሪ ትኸውን ኣላ፡" ፕረዚደንት ብራዚል

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ኣቢለን ኣብ ልዕሊ ዝሓልፋ መራኽብ ልዑል መጠን ገንዘብ ንምኽፋል ዘውጽኦ መደብ፡ ንኣመሪካ ናብ ሸፍታ ባሕሪ ይቕይራ ምህላዉ ዘርኢ ምኻኑ፡ ፕረዚደንት ብራዚል ሉላ ዳ ሰልቫ ትማሊ ሰሉይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

ትራምፕ ኣቐዲሙ፡ ሆርሙዝ ክፉት ንክኸውን ኣብ ልዕሊ'ቲ ቡቲ መጻብቦ ኣቢሉ ዝሰላኽ ኩሉ ዓይነት ጽዕነት ናይ 20 ሚእታዊት ቀረጽ ክውሰን ምኻኑ ቃል ምእታዉ ይዝከር።

ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ መወዳእታ ወርሒ ለካቲት ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ድሕሪ ምጅማረን፡ ኢራን ነቲ ቀንዲ መተሓላለፊ ጽዕነት ነዳዲ ዝኾነ መጻብቦ ከም ዝዓጸወቶን፡ ኣመሪካ ድማ ካብን ናብን ወደባት ኢራን ዝግበር ምንቅስቓስ መራኽብ ደው ከም ዘበለትን ይፍለጥ።



እቲ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲታት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰነ ክልተኦም ወገናት ነቲ ኲናት ደው ንምባል ኣብ ግዚያዊ ስምምዕ ምስ በጽሑ ብተዛማዲ ተቛሪጹ ምጽንሑ ይዝከር።

## ፈረንሳ - ባርዕ ጫካ ልዕሊ 1900 ሄክታር መሬት ኣባዲሙ

ኣብ ፈረንሳ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ፓሪስ ኣብ ዝርከብ ጫካ ተፈጢሩ ብዘሎ ባርዕ፡ ብውሑዱ 1900 ሄክታር ኣብ ዝግመት መሬት ዝበረ ኣግራብ ከም ዝተሃሞኸ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ኣብ'ቲ ፎንታይንብሎን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ከባቢ ዝበሩ ኣስታት ሓደ ሽሕ ነበርቲ ካብ'ቲ ቦታ ግዝያዊ ከም ዘለዉ ተገሊጹ።

ጸዓረታት መጥፋእቲ ሓዊ ገና ይቕጽል ከም ዘሎ ዘረድኡ ጸብጻባት፡ ኣስታት 850 ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ነቲ ባርዕ ኣብ ቍጽጽር ንምእታው ይሰርሑ ከም ዘለዉ ኣመልኪቶም።

ምስ'ቲ ባርዕ ብዝተሓሓዘ ክልተ ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ከም ዘለዉ፡ ድማ፡ ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ካብ'ቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተዉ ክልተ ጥርጡራት፡ እቲ ሓደ ወዲ 18 ዓመት መንእሰይ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ዝተቐየደሉ እዋን ኣብ ኢዱ መወልዒ ሓዊ ሐዙ ከም ዝነበረ ተገሊጹ።

ፈረንሳ፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ዘይመልእ ግዜ ንኻልኣይ ግዜ ብማዕበላዊ ዋዒ ክትጥቃዕ እንከላ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ድማ ኣብ ሓያሎ ከባቢታት ናይታ ሃገር ባርዕ ጫካ ከም ዝተላዓለ ይዝከር።



ተመራመርቲ ስነ ፍልጠት፡ ካብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ኣትሒዙ ከምዚ ዝኣመሰለ ጽንኩር ኩነታት ኣየር ምስ ዘይሓላፍነታዊ ንጥፈታት ደቂ ሰብ ተኣሳሲሩ ብተደጋጋሚ ደርኣ ከም ዘሎ እዮም ዝገልጹ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቑ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰናይ | 15/07/2026 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቑ.89፡ትሕቲ ቤ/ት ማርቲ ንሉተር ክንግ (ዓዲ ሰሄል) | 08370129 |

ፋርማሲ ቑ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቑ.ቴሌፎን 127565